# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.116 | ቀዳም 13 ጥሪ 2024 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 — ጽውጽዋይን ሓቀን ቁጠባዊ ግሎባውነት




ገጽ 3 — ኩነታት ሕርሻ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ

ገጽ 4 — ዝጎድሎ ስለ ዘይብሉ

ገጽ 5 — ግቡእ ኣተሓሕዛን ኣከዛዝናን ምህርቲ

ገጽ 11 — ዋንጫ ኣፍሪቃ 2023




## ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር ዓመታዊ ገምጋም ስራሕ ኣካዩዱ

ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር፡ ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀን ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጽዮንን ዝርከብዎም ሓለፍቲ ሚኒስትሪ ሕርሻን ምምሕዳር ዞባ ደቡብን፡ ከምኡ’ውን ክኢላታትን ተመራመርትን ሕርሻ ኣብ ዝተረኸብሉ፡ ብ9 ጥሪ ኣብ ሓልሓለ ዓመታዊ ገምጋም ስራሕ ኣካዩዱ።

ሓላፊ ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር ኣቶ ጸጋይ ብርሃ፡ ኣብ 2023 - ምብዛሕ ንባዚን ፓስታን ዝኸውን ምሩጻት ዓሌታት ዘርኢ ስርናይ፣ ንፈለማ እዋን እተተግበረ ምድቓል ርቡሕ እቶት ዝህብ ዘርኢ ዕፉን፣ ምብጋስ ልምዓት ካሳቫ፣ ምርምር መኣዝዊ መግቢ፣ ምፍራይ ምሩጻት ዓይነታት ብቖሊ ብምልመላ ኣካሊት (ቲሹ ካልቸር)፣ ምድቓል ናይ ጻባ ከብትን ልምዓት ቀጠልያ መግብን፣ ምልላይ ኣድማዕቲ ዓሌታት ጥረት. . . ገለ ካብ ዓበይቲ ስራሓት ምንባርም ሓቢሩ።

ኣብ ጨንፈር ምርምር ጀነቲካዊ ጸጋታት፡ ካብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ዝተኣከቡ 35 ቅምሶታት ዓይኒ-ዓተር፣ 75 ቅምሶታት ፋጆሊ - ምሕዳስ ከም እተገብረሎም፡ ብሓፈሻ ኣብ’ዚ ዓመት እዚ 4 ዝተፈላለዩ ቅምሶታት ዘርኢ ኣግራብ ከም እተኣከቡን ብጥበቕ ከም እተዓቀቡን ተገሊጹ።

ኣብ ኣእካል ብሓፈሻኡ - ኣብ ኣሕምልትን ፍረታትን፡ መኣዝዊ መግቢ፡ ኣብ ጥረታትን ናይ ቅብኢ ኣእካልን. . . ዐበይቲ ሕርሻዊ ምርምራት ከም እተኻየደን ውጽኢቱን እውን ተዘርዚሩ።

ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ፡ ምዕቡል ንጥፈታት ሕርሻ መሰረቱ ምርምር ምኳኑ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ዋሕዲ ዝናብ ልሙድ ሃገራዊ ብድሆ እናኾነ ይቕጽል ብምህላዉ፡ ኣብ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ብልዑል ትኹረት ክስራሕ ኣዘኻኺሩ።

ማእከላይ ቤት-ጽሕፈቱ ኣብ ሓልሓለ - ንኡስ ዞባ ደባርዋ ዝርከብ ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር፡ ኣብ መላእ ሃገር ዝተዘርግሓ ኣቑጣታትን ንኡሳን ኣቑጣታትን ኣለዎ።



## ዓዲ-ተከሌዛን - ንኣባላት ምክልኻል እንግዶት ተገይሩ

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ተከሌዛን - ምምሕዳር ከባቢ ደቀምሓረ፡ ኣብ ምስራሕ ዲጋ ተዋፊሮም ንዝርከቡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል - ክፍለ-ሰራዊት 63፡ ብ9 ጥሪ ናይ ምስጋናን እንግዶትን መደብ ተወዲቡ።

ኣብ’ቲ ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳን ኣዛዚ እዚ ማእከል ብርጋዴር ጀነራል ተኽለ ክፍላይን ዝተረኸብሉ መደብ፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ተከሌዛን ኣቶ እድሪስ መሓመድ-ሓምድ፡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኣብ ምስራሕ ዲጋታት ደቀምሓረን ደቂ-ዝብሩን፡ መቓብር ሓርበኛታትን መጺኢታ ቤት-ትምህርቲ ሃብረንጋቓን ንዘበርክትዎ ዘለዉ ኣበርክቶ ምስጋና ኣቕሪቡ።

ኣዛዚ ክፍለ-ሰራዊት 63 ሌተና ኮሎኔል መንግስትኣብ ሳሙኤል (ማርቶቭ) ብወገኑ፡ ብዋጋ ህይወትን ደምን ጀጋኑ ዝተዋሕሰት ሃገር ንምልማዕ ከም ወትሩ ድልዋት ምህላዎም ብምርግጋጽ፡ እቲ ዝተወደበ መደብ - ንወህደት ህዝብን ሰራዊትን ዘጠናኽር ወኒ ስራሕ ዘርኽብን ከም ዝኾነ ገሊጹ።

ኣብ ደረጃ ምዝዛም በጺሓ ዘላ ዲጋ ደቀምሓረ፡ 40 ሽሕ ሜትሮ ኩብ ማይ ናይ ምሓዝ ዓቕሚ ዘለዋ ኮይና፡ ኣብ ሕርሻዊ ልምዓት እቲ ከባቢ ዓቢ እጃም ከተበርክት ትጽቢት ይግበረላ።

እቲ ኣጋጣሚ፡ ጉጅለ ባህሊ ዛራ ናይ ክፍለ-ሰራዊት 63 ብዘቕረቦ መሰናድኦ ደሚቑ ነይሩ።



## ተጋዳሊት ወርቁ ዘርኣይ ተሰዊኣ

ጉዳም ተጋዳሊት ወርቁ ዘርኣይ ሃይሉ፡ ኣብ መበል 75 ዓመት ዕድሚኣ፡ ብ11 ጥሪ ብሕማም ተሰዊኣ።

ኣብ 1971 ብ“ጥሕሻ” ኣብ ዝፍለጥ ምስጢራዊ ውዳብ ህዝባዊ ሓይልታት ተወዲባ - ሃገራዊ ቃልሳ ንጽጽት ኣብ ኣዲስ-ኣበባ ዘፈለመት ተጋዳሊት ወርቁ፡ ኣብ ወርሒ መጋቢት 1973 ናብ ሜዳ ወሪዳ ኣብ መሳርዕ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ድሕሪ ምጽንባሩ፡ ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት፡ ክፍሊ ሕክምና፡ ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳር፡ ፖለቲካዊ ምንቅቓሕ፡ ሃገራዊ ማሕበር ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ፡ ከምኡ’ውን ኣብ ኮሚሽን ጉዳይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ተመዲባ ብዝተፈላለየ ጽፍሕታት ሓላፍነት ንህዝባን ሃገራን ብተወፋይነት ዘገልገለት ሓርበኛ እያ።



ህዝባዊ ሓይልታት ኣብ እግሪ ተኸሉ ኣብ ዝበረሉ ጽንኩር እዋን ካብ ዝተሰለፉ ውሑዳት ቀዳሞት ደቂ-ኣንስትዮ ዝኾኑት ጉዳም ተጋዳሊት ወርቁ ዘርኣይ፡ ካብ 1987 ክሳብ 1992 ኣባል ፈጻሚት ሸማግለ ሃማደኤ ኮይና እውን ኣገልጊላ።

ኣብ 1986 ብስርዓት መርዓ ህዝባዊ ግንባር ሓዳር ዝመስረተት ጉዳም ተጋዳሊት ወርቁ ዘርኣይ፡ ኣደ ሓንቲ ውላድ’ያ።

ስነ-ስርዓት ቀብራ፡ ትማሊ 12 ጥሪ 2024 ፍርቂ መዓልቲ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን፡ ብምስዋእቲ ጉዳም ተጋዳሊት ወርቁ ዘርኣይ ሃይሉ ዝተሰምዖ ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራቤታ፡ መቓልስታን መሳርሕታን “ጽንዓት ይሃብኩም” ኢሉ።

# ሓሳባት

## ጽውጽዋይን ሓቂን ቁጠባዊ ግሎባውነት

ክብሮም ገብረኣብ
ማእከል ምርምርን ሰነዳን

(መበል 11 ክፋል)

*ክቡራት ኣንበብቲ፡ እዚ "ጽውጽዋይን ሓቅን ቁጠባዊ ግሎባውነት" ብዝብል ኣርእስቲ ብተኸታታሊ እነቕርበልኩም ዘለና ጽሑፍ፡ 'ባድ ሳማሪታንስ' (BAD SAMARITANS – The guilty secrets of rich nations & the threat to global proposperity- Ha-Joon Chang - 2007) ካብ ዝርእስቱ መጽሓፍ ዝተተርጎመ ምዃኑ ብኣኽብሮት ንሕብር።*

**ቀጻጸር ናይ ወጻኢ. ወፍሪ ኣድላዪ ድዩ?**

ፊላንድ ኣብ 1918 ካብ ሩሲያ ናጽነታ ድሕሪ ምርካባ፡ ወጻኢተኛታት ካብ ሃገራ ከም ዝወጹ ገይራ። እታ ሃገር ኣብ 1930ታት ኩለን ንግዳዊ ትካላት (ልዕሊ 20% ካብኣን ብወጻኢተኛታት ዝውነና) 'ሓደገኛታት' ኣብ ዝብል ምድብ ዘቐምጥ ተኸታታሊ ሕጋጋት ኣውጺኣ። ዋላ'ኳ ኣብ 1987 ኑቲ ሕጊ ብምፍኳስ ዝለዓለ ደረት ዋንነት ወጻኢተኛታት 40% ከም ዝኸውን እንተገበረት፡ ኩሉም ናይ ወጻኢ. ወፍሪ ግድን ብሚኒስትሪ ንግድን ኢንዱስትርን እታ ሃገር ክፍቀድ ግድን እዩ ኔሩ። (ሓይስቲ: ... read carefully)

ሓይስቲ ሰበራውያን፡ ከምዚ ዝበለ ሕሉፍ ጸረ-ወጻኢተኛ ስትራተጂ፡ ብፍላይ ድማ ንሓደ ፍርቂ ዘመን እንተ ዝቐጸለ፡ ቁጠባዊ ዕድላት ፊንላንድ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ሓደጋ ምወደቐ ነይሩ ዝብል ምጉት የቕርቡ እዮም። ይኹን'ምበር፡ ካብ መፋርቕ 1990ታት ኣትሒዙ ፊላንድ ብመገዲ ኩባንያ ኖክያ ኣፍሪዱ ተንቀሳቓሲ ተሌፎን ናብ ኣደራሽ ዝና ግሎባውነት ክትኣቱ ብምኽኣላ፡ ዕውት ኣብነት ግሎባውነት ተባሂላ እያ ተመጒሳ። እታ ክፋል ግሎባዊ ቁጠባ ክትከውን ድሌት ዘይብራ ሃገር ብሃንደበት ምልክት ግሎባውነት ኮይና። እዚ ብኸመይ ክዉን ኮይኑ? እዚ ሕቶ ድሒርና ክንምልሶ ኢና። ሕጂ ግን ኣብ መንጎ እቶም ናይ ወጻኢ. ወፍሪ ዝድግፉን ዝቃወሙን ዘሎ ናይ መከራኸሪ ሓሳባት ንርአ።

ዝበዝሓ ኣብ ምምዕባል ዝርከብ ሃገራት፡ እኹል ርእሰማል ዘመንጭዋሉ ዓቕሚ ስለ ዘይብለን ናይ ገዛእ ርእሰን ወፍሪ ከውፍራ




ኣይክእላን እየን። ስለዚ'ውን ካብተን ኣኽል-ታርፍ ቁጠባዊ ዓቕሚ ዘለወን ሃገራት ገዛእቲ ደገፍ ክቕበላ ድሕር ኣይብላን። ነዚ ድማ'ዚ ከም ረብሓ ዝርእይዎ እኩያት ሳምራውያን (ምህራት ሰኑቁጠበ ሃብታማት ሃገራት)፡ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ፋይናንሳዊ ዕዳጋኣን ክፉት ክገብራ እንተኽኢለን ርእሰማል ብናጻ ክውሕዘለንን ቁጠባአን ክፍወስ ከም ዝኽእልን እዮም ዝኑትጉትዎን።

ኣብ ምምዕባል ዝርከብ ሃገራት ብጀቕጢ. እኩያት ሳምራውያን ኣብ 1980ታትን 1990ታትን ፋይናንሳዊ ዕዳጋኣን ክፉት ድሕሪ ምግባረን ብቐጻሊ ከቢድ ቁጠባዊ ቅልውላው የጋጥመን ምህላዉ ኣጋጣሚ'ዩ ተባሂሉ ዝሕለፍ ኣይኮነን። ተመራመርቲ ታሪኽ ቁጠባ ብዘቐደድዎ መጽናዕቲ፡ ግሎባዊ ፊናንስ ናጻ ቅድሚ ምዃኑ ካብ 1945 ክሳብ 1971 ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ዝኾነ ጥንካዊ ቅልውላው፡ ናይ ባጤራ ቅልውላው ከምኡ'ውን ኣብ ሓደ እዋን ዘጋጥም 'ማንታ ቅልውላው' ማለት ጥንካውን ባጤራውን ቅውላው ገጢሙወን ኣይፈልጥን። ይኹን'ምበር፡ ሓድሽ ሊበራዊ ስርዓት ካብ ዝተቐበላሉ፡ ማለት ካብ 1973 ክሳብ 1997 ኣብ ዘሎ ዓመታት፡ ኑቲ ድሕሪ 1998 ኣብ ሃገራት ብራዚልን ኣርጀንቲናን ዘጋጠመ ዓበይቲ ቅልውላዋት ከይተሓወሰ 17 ጥንካዊ ቅልውላው፡ 57 ባጤራዊ ቅልውላው ከምኡ'ውን 21 ማንታ ቅልውላው ኣጋጢሙወን።

ካብ 1980ታት ክሳብ 1990ታት ፊናንሳዊ ዕዳጋ ክፉት ክኸውን ብርቱዕ ድፍኢት ዝገብር ዝነበረ ዓለማዊ ማዕከን ገንዘብ፡ ካብ ቀረባ እዋን ጀሚሩ መርገጺኡ ብምልዋጥ፡ ኣብ ጉዳይ ምኽፋት ፊናንሳዊ ዕዳጋ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ደገፉ ከይሃበ ሰቕታ ክመርጽ ተዓዚቡና። ሎሚ እዚ ማዕከን ብስሉት ዘይብሉ ርእሰማላዊ ዋሕዚ፡ ናይ ሓንቲ ሃገር ውሽጣዊ ፊናንሳዊ ዋሕዚ ብምትእንጓልን ሃንደበታዊ ደውታ ወይ'ውን ምንቅልቃል ፊናንሳዊ ዋሕዚ ብምፍጣርን ዘይምርግጋእ ከስዕብ ከም ዝኽእል እዩ ምኽሩ ዝልግስ ዘሎ።

ኣብ 1997፡ ናብተን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት 169 ቢልዮን ዶላር ጽሩይ ቀጥታዊ ናይ ወጻኢ. ወፍሪ እዩ ውሒዙ። ካብ 1998 ክሳብ 2002 ኣብ ዝነበረ ዓመታት፡ ፊናንሳዊ ሕንፍሽፍሽ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ኣብ ዝተኸስተሉ፡ ዋሕዚ ቀጥታዊ ናይ ወጻኢ. ወፍሪ ብማእከላይ ገምጋም ብ142 ቢልዮን ዶላር ቀጺሉ። ብመንጽር እዚ ሓቂ፡ እኩያት ሳምራውያን፡ ቀጥታዊ ናይ ወጻኢ. ወፍሪ ብዘይካ'ቲ ርጉእ ምዃኑ፡ ምንጪ. ልዑል መጠን ገንዘባዊ እቶት ከምኡ'ውን ምንጪ. ቁጠባዊ ዕቤት ዝፈጥሩ ተወሳኺ ሓገዝቲ ረቛሒታት ምዃኑ እዮም ዝዋግኡ። ኣቐዲሞም ከምዝበር ኣውሮጳዊ ሕብረት ዝነበረ ብሪጣንያዊ ልዮን ብሪትን፡ ቀጥታዊ ናይ ወጻኢ. ወፍሪ ምንጪ. ተወሳኺ ርእሰማል፡ መሰረት ዕቤት ኣፍራይነት፡ ተወሳኺ ዕዮ፡ ኣድማዒ ውድድር፡ ርትዓዊ ፍርያት፡ ምስግጋር ቴክኖሎጂያዊ ክእለት፡ ምሕደራዊ ፍልጠትን ጥዑይ ግዳማዊ ፊናንሳዊ ሚዛንን ምዃኑ ይገልጽ ነይሩ እዩ።

ቀጥታዊ ናይ ወጻኢ. ወፍሪ ብዘፈጥሮ ምዕቡል ኣወዳድባ፡ ክእለትን ቴክኖሎጂን ብቐዓት ኣፍራይነት ኣኣንጋዲት ሃገር ዘቀላጥፍ እዩ። ይኹን'ምበር፡ ናይ ገዛእ ርእሱ ሕጽረታትን ጸገማትን ኣለዎ። ሓደ ካብቲ ጸገም፡ ሓንቲ ሃገር ክፉት ዕዳጋ ርእሰማል ኣብ እትኽተለሉ፡ ቀጥታዊ ናይ ወጻኢ. ወፍሪ መኽፈሊ. ዕዳ ክኸውንን ንደገ ክግዕዘን ዝኽእል ምዃኑ እዩ። ሰኑዖት ኣህጉራዊ ማዕከን ገንዘብ፡ ናይ ወጻኢ. ንኡስ ኩባንያታት ካብ ዘቤታውያን ጥሪቶታት ልቓሕ ከም ዝረኽባ፡ ገንዘበን ናብ ናይ ወጻኢ. ባጤራ ከም ዝልውጣን ንደገ ከም ዝሰዳን ከምኡ'ውን ወላዲት-ኩባንያ ንንኡስ ኩባንያ እትህቦ ወሽጠ-ኩባንያዊ ልቓሕ እትገብሮ ስርዝ ከም ቀጥታዊ ናይ ወጻኢ. ወፍሪ ከም ዝውሰድ የመልክት። ናይዚ ዝኸፍአ ሳዕቤን፡ ዝበዝሕ ናብ ኣኣንጋዲት ሃገር ዝኣቱ ቀጥታዊ ናይ ወጻኢ. ወፍሪ ኑታ ሃገር ዝኾነ ኣሰር ቅሙጥ ናይ ወጻኢ. ባጤራ ከይሓደገ በዚ ዝጠቐስናዮ ኣገባብ ንወጻኢ. ክምለስ ዝኽእል ምዃኑ እዩ።

ብኻልእ ወገን፡ ቀጥታዊ ናይ ወጻኢ. ወፍሪ ዋላ'ኳ ምንጪ. ናይ ወጻኢ. ባጤራ እንተኾነ፡ ከም እትዋጻት ጥረ-ነገራት፡ ስምምዓት ናይ ወጻኢ. ልቓሕ ዝብል ምስኡ ሒዘዎ ዝመጽእ ተወሳኺ. ጠለባት ኣሎ። ሓቂ እዩ ኣኣንጋዲት ሃገር ካብ እትልእኾ ሰደድ ናይ ወጻኢ. ባጤራ ክትረክብ ትኽእል እያ። ይኹን'ምበር ካብቲ ንኣውፊርቲ እትህቦ ናይ ወጻኢ. ሽርፊ ዝዘይድ ክትረክበን ከይትረክበን ዘተረጋግጽ ኣይኮነን። በዚ ምኽንያት እዩን ዝበዝሓ ሃገራት ናይተን ኣብ ወፍሪ ዝጠፍኣ ናይ ወጻኢ. ኩባንያታት፡ ናይ ወጻኢ. ሽርፊ መኽሰብን ወጻኢታትን ንኣብነት ንወጻኢ. ኣብ ዝልእኽኦ መጠን ሰደድ ከምኡ'ውን ካብ ውሽጢ. ሃገር ኣብ ዝገዝእኦ መጠን ጥረ-ነገር፡ ቀጻጸር ዘዉትራ።

ብዘይካ'ዚ፡ እቲ ካብ ቀጥታዊ ናይ ወጻኢ. ወፍሪ ክርከብ ኣሎ ዝበሃል ፍልጠት ቴክኖሎጂ፡ ክእለት ከምኡ'ውን ምሕደራ፡ ብኸመይ ክርከብ ከም ዘለዎ ንጹር መረዳእታ የሎን። ዋላ'ኳ ካብቶም ዘለዉ ዓይነታት ዋሕዚ ርእሰማል፡ ብደረጃ ክልሰሓሰብ ቀጥታዊ ናይ ወጻኢ. ወፍሪ ዝለዓለ ረብሓ ከም ዘለዎ እንተ ተገልጸ፡ እዚ ረብሓታት'ዚ ብቐሊሉ ከረጋግጹሉ እንኽእል መርትዖታት የብልናን። ከመይሲ፡ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ናይ ወጻኢ. ወፍሪ ኣብ ኣፍራይነት ዝተፈላለየ ጽልዋ ስለዘለዎም።

ክልተ ዓይነት ቀጥታዊ ናይ ወጻኢ. ወፍሪ ኣሎ። እቲ ሓደ 'ሌጣ ወፍሪ' ዝበሃል ኮይኑ ንኣብነት ኣወፋሪ ኣብ ኤርትራ ምዕቡል ህንጻ ፋብሪካ ማይክሮቺፕ ዝሃንጸሉ ወይውን ሻልኩሶዋን ኣብ ቻይና ሓድሽ ናይ መጉጣጠሚ. ትካል ዝኸፍተሉ ዓይነት ወፍሪ እዩ። እቲ ካልኣይ ወጻኢተኛታት ካብተን ኣብ ውሽጢ. ሃገር ዝርከባ ኩባንያታት ብምዕዳግ ዘካይድዎ ወፍሪ ኮይኑ 'ቃድራ ወፍሪ' ይብሃል። ዝበዝሕ ቀጥታዊ ናይ ወጻኢ. ወፍሪ 'ቃድራ ወፍሪ' እዩ። ልዕሊ. ፍርቂ ናይቲ ካብ 1990ታት ኣትሒዙ ኣብ ዓለምና ዝተራእየ ቀጥታዊ ናይ ወጻኢ. ወፍሪ ድማ 'ቃድራ ወፍሪ' እዩ።

'ቃድራ ወፍሪ' ዝኾነ ዝወሰኾ ናውቲ ፍርያት የሎን። ኣብ 1997 ኣብ ወቕቲ ጸፍዒ ፋይናንሳዊ ቅልውላው፡ ጀነራል ሞተርስ ኑቲ ኣብ ኮርያ መካይን ዘፍሪ ኩባንያ ዳዎ ኣብ ዝዕደገሉ፡ ኣብቲ ፋብሪካ ዝኾነ ለውጢ. ከይገበረ፡ ኑቲ ኮርያውያን ዘፍርይዎ ዝነበሩ ፍርያት ዝተፈላለየ ኣስማት ብምሃብ እዩ ምፍራይ መካይን ቀጺሉ። ኣብ ገለ እዋን 'ቃድራ ወፍሪ' ሓድሽ ቴክኒካዊ ምሕደራን ልዑል ብቕዓት ምህንድስና ዘለዎም ክኢላታትን ሓዘ ክመጽእ ስለዝኽእል ኣፍሪዱ ዓቕሚ ናይ ምዕባይ ተኽእሎ ከም ዘለዎ ዝኩሓድ ኣይኮነን።

ብዓይኒ ሓቂ፡ ኣጉዳሰኑት ቀጥታዊ ናይ ወጻኢ. ወፍሪ በቲ ኑታ ወፍሪ እተወፍር ትካል ዝህቦ ቁጠባዊ ረብሓ ጥራይ ኣይኮነን ዝምዘን። ኣብታ ትካል ሓድሽ ፍልጠት ዝቐሰመ ደቂ-ዓዲ ሰራሕተኛታት ብምቑጻር፡ ዘቤታውያን ኣፍረይቲ ናብታ ትካል ጥረ-ነገር ብምሻጥ ኣብ መስርሕ ምስ ሓድሽ ቴክኖሎጂ ብምልላይ፡ ከምኡ'ውን ዘቤታውያን ትካላት ሓድሽ ቴክኒካዊ ምሕደራን ፍልጠት ዕዳጋ ስግር ባሕርን ብምዕዛብ እወንታዊ ተመክሮ ናይ ምርካብ ዕድል ኣለዎም። እዚ 'ዘይቀጥታዊ ጽልዋ' ተባሂሉ ዝጽዋዕ ወጽኢት ኣብ ነዊሕ እዋን ኣብ ኣፍሪዱ ዓቕሚ ሓንቲ ሃገር ልዑል ኣበርክቶ ስለ ዘፈጥር ኣነኣኢሰካ ዝርአ ኣይኮነን።

እቲ ዘሐዝን ግን ዘይቀጥታዊ ጽልዋ ኣዝዩ ውሑድ ምዃኑ እዩ። ስግረ-ሃገራውያን ኩባንያታት ኩሉ ዘድልየን ጥረ-ነገር ካብ ወጻኢ. ብምእታው ደቂ-ዓዲ ሓድሽ ክእለት ኣብ ዘይረኽብሉ ትሑት ሸቕለት ከም ዝሰርሑ ክገብርኦም ይኽእላ እየን። ዘይቀጥታዊ ጽልዋ ኣብ ዝረኣየሉ'ውን እንተኾነ ኣጉዳሰኑቱ ንሒሑ ኣይረኣን እዩ። ስለዚ እየም ዝበዝሑ መንግስታት ኣብ ምስግጋር ክእለት ቴክኖሎጂ፡ ምጥቃም ዘቤታዊ ጥረ-ነገርን ዘቤታዊ ሰደድን ግዱድ መለክዒ ትግበራ ዕዮ ብምትእትታው ኣጉዳሰኑት ዘይቀጥታዊ ጽልዋ ብዝጸረ ከም ዝርኣ ዝገብሩ።

ቀጥታዊ ናይ ወጻኢ. ወፍሪ ኣብ ህልውን ናይ መጻኢን ዘቤታዊ ወፍሪ ዘለዎ ጽልዋ ኣዝዩ ዓቢ. እኳ እንተኾነ፡ ትሑት ግምት ክወሃቦ ኢና እንርኢ። ብስግረ-ሃገራውያን ኩባንያታት ዝቐረበ ውድድር ቀጥታዊ ናይ ወጻኢ. ወፍሪ ትሰፋው ናይ ምዕባይ ብቕዓት ዘለወን ሃገራውያን ትካላት ግና ኣብ ናይ ውድድር ተመኩሮ ከይኣተዋ ኣብ እግሪ ተኸለን ከም ዝቑጽያ ከምኡ'ውን ሓይስቲ ዘቤታውያን ተወዳደርቲ ከም ዘይቀላቐላ ዝገብር ሓደገኛ ወፍሪ እዩ። ከም ሳዕቤኑ እታ ሃገር ኣብ መጻኢ. ክትረኽቦ ዝግብኣ ደረጃ ኣፍሪዱ ዓቕሚ እናውሓደ ይመጽእ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድሒርና ብዝርዝር እንርእዮ ስግረ-ሃገራውያን ኩባንያታት ኑቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ. ዝኾነ ክሲጋር ዘለዎ ክእለትን ቴክኖሎጂን ካብ ሃገረን ከውጽኣ ፍቓደኛታት ስለ ዘይኮና እየን።

እዚ ተመኩሮ'ዚ ምርኩስ ብምግባር፡ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ኑቲ ካብ ቀጥታዊ ናይ ወጻኢ. ወፍሪ ዝርከብ ናይ ሓጺር እዋን ረብሓ ሸለል ብምባል፡ ዘቤታውያን ኣውፈርቲ ንመጻኢ. እዋን ረብሓ ኣብ ዝሀብ ዓበይቲ ንጥፈታት ከውፍሩ ብምትብባዕ፡ ኣብ ገለ ዓውድታት ቀጥታዊ ናይ ወጻኢ. ወፍሪ ክኽልክላን ወይ'ውን ዕቱብ ምቁጽጻር ክገብራን ኣሎወን። እዚ ምስቲ ኣብ ዝሓለፈ. ክፋላት ዝተዛረብናሉ ሓንቲ ሃገር ኣብ መጻኢ. ልዑል ኣፍሪዱ ዓቕሚ ክትፈጥር፡ ኑቲ ካብ ናጻ ዕዳጋ ኣብ ሓጺር እዋን እትረኽቦ ረብሓ ክትሓድግ ኣሎዋ ዝበልናዮ ሓቂ ዝመሳሰል እዩ። ድሒርና ከም እንርእዮ ዝበዝሕ ታሪኽ ዕዉት ቁጠባ፡ ወጽኢት ተሪር ቁጽጽር ቀጥታዊ ናይ ወጻኢ. ወፍሪ እዩ።

ይቕጽል . . .

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም
ቅሳነት ተወልደ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳጶ. 1284

ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

# ኮነታት ሕርሻ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ

ሰኣሊ፦ ኣብል በረኸት

*ዓምዲ ልምዓት፡ ንሎሚ ንኹነታት ሕርሻ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ ዝድህስሱ ምስ ሓላፊ ጨንፈር ሕርሻ እቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ የውሃንስ ክፍለማርያም ናይ ዘተግበረ ቃለ-መጠየቕ ትሕዝቶ ኢያ - ብኸምዚ ዝስዕብ ጸሚቝ ከተቕርበልኩም - ሰናይ ንባብ!*


ኣቶ የውሃንስ ክፍለማርያም

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ ብዮኒፒስ ተዓቂኑ ዝተረኽበ ወጽኢት ከም ዝሕብሮ፡ 6362.25 ሄክታር ዝሕረስ መሬት ከም ዝሎ'ዩ ዘጽርዕ። ንመዓልኡ ዝምልከት ከኣ፡ ኣብ ሰለስተ ወይ ኣርባዕተ ገጻት መቓቒልካ ክርአ ይከኣል። ገለ ካብዚ፡ እቲ 4815.69 ሄ/ር በዕዩይኑቶም ኣእካል፣ 819.28 ሄ/ር ጥረታት፣ 244 ሄ/ር ናይ ቅብኢ ኣዝርእቲ ዝዘርኡ ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ዝተረፈ 483.28 ሄ/ር ድማ ንመግሆጪ ጥራት ተባሂሉ ዝሕዞ ቦታ እዩ።

ንዝናብ ሎሚ ዓመት ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ፡ ብሕልፊ ኣብ ወቕቲ ኣዝመራ ኣብ ሚያዝያ ጀሚሩ ክሳብ ግንቦት'ውን ዝቐጸለ ኩይኑ፡ ኣብ ግዜኡን ጸቡቕ ዝርግሐ ዝነበሮን ማይ እዩ ዘዝነበ። ኣብ'ዚ ዝተጠቕሰ ወቕቲ ክዘርኡ ዝነበሮም ከም በዓል ዕፉን ተዘሪኦም ጸቡቕ በቒሎም። ዝናብ ግን ብኸምቲ ዝጀመሮ ኣይቀጸለን - ኣብ ሰ ኣቋረጸ። ኣብ'ተን ቀንዲ ወርሓት ክረምቲ ዝበዝሓ ሓምለን ነሓሰን እውን እንተኾኑ፡ ዝናብ ነይሩ ክበሃል ኣይከኣልን። ስዝሞ፡ ሰርናይን ካልኦት ኣብ ክፍላ ሰ ክዘርኡ ዝነበሮም ኣእካልን ብሰሪ ዋሕዲ ዝናብ ኣብ ግዚኡም ክዘርኡ ኣይተኻእለን። ዝርኣዮም ኣብ መሬት ዝጠፉ ኣእካል፡ ቀሲብ ጸጸ ኩይናም እዮም ተረፎም። እቶም ኣብ ወቕቲ ኣዝመራ ተዘሪኦም ጸቡቕ ብቑልያ ዝነበሮም ኣእካል'ውን እንተኾኑ፡ ክሰስንሉን ክፈርዩሉን ኣብ ዝኽእልሉ ደረጃ ምስ በጽሑ፡ ዝናብ ክረምቲ ስለዝጠለሞም፡ ቃንጫ ጥራይ ኩይኖም'ዮም ተሪፎም።

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ፡ ኣብ ጥቕምቲ ዝዘረመ ንዝናብ ጺያቒ ማዕጺድ ደሚርካ፡ መጠን ኣብ ኣገልግሎት ሜትሮሎጂ ዝተዋደደለን ነቑጣታት'ቲ ንኡስ ዞባ ዝተመዝገበ ዝናብ ምስ እንምልከት፡ ዓዲ-ቐይሕ 483.6 ሚሊ. ሜትር፣ ሳፊራ 360 ሚ.ሜ፣ ሕረት ድማ 257 ሚ.ሚ ነይሩ። ናብኡ ደረጃን ከበኣን ግን፡ ካብኡ ጸቡቕ ዝርግሐ ዝነበሮ ዝናብ ብምህራሙ፡ ምስ ካልእ ከበታት'ቲ ንኡስ ዞባ ኣነጻጺርካ ዝሓሸ ምህርቲ ክሕፈስ ትጽበት ይግበር።

ዝናብ ጺያቒ ማዕጺድ ጉዳኢ ጌይርካ ጥራይ ምጥማት ኣይግባእን። ኣብ ገለ ከበታት ሃገርና ጺያቒ ማዕጺድ ማይ ከም ዓቢ ዕድል ዝጥመተሉ ኩነት ምህላው ምፍላጥ የድሊ። ኣብ'ዚ ዝተጠቕሰ ግዜ መሽላ ጸግእን ሳዕሳዕን ዘራኦም ዝጥቀሙ ሓረስቶት ምህላዎም ምርዳእ የድሊ። ዝናብ ጺያቒ ማዕጺድ ብዝዩካ'ዚ፡ ትሕዝቶ ትሕተ-ባይታዊ ማይ ኣህብቲሙ መሬት'ውን ስለዝርግኡ፡ ብእወታዊ ጉድኑ ምጥማቱ ኣገዳሲ እዩ።

ንሓረስታይ ዝኸበደ ጸገም ካብ ንኹበዱ መግቢ እንስሳ ምርካብ እዩ። ኣብ ሕማቕ ዘበን'ውን እንተኾኑ፡ ሰብ ብቑረሰ እንጌራ ክፅንገል ይኽእል። ብቑንጣሮ ቃንጫ፡ ሳዕሪ ይኹን ሓሰር እንስሳ ክትዕንግል ግን ዝከኣል ኣይኮነን። በዚ ድማ፡ ሓረስታይ ኑቲ ኣብ እዋን ዘርኢ እኽሉ ንዓኡ፡ ቃንጫ ድማ ንጥሪቱ፡ ምእንቲ'ዚ ክብል፡ "ሸሞራ ማዕጺድ ሰበ..." እናበለ ኣብ መሬት ዘንጠሮም ኣእካል፡ ኣብ ቀውዒ፡ "ዓርየ ሆ፡ በጊህ ብዕረየ ሓላሰሩ ንዓና፡ ኣእኽሉ ንዓጸ..." እናበለ እቶቱ ሓፊሱ ናብ ቆፎኡ ከእቱ፡ ሓሰርን ቃንጫን ድማ፡ ቀሲብ ሓጋይ ንጥሪቱ ክእከብ ሓፈፍ ክብል ይቐውዕ።

ሳዕሳዕ ኣብ ከባቢ ዓዲ-ቐይሕ ልሙድ ዘርኢ ወቕቲ ቀውዒ እዩ። ዝናብ ጺያቒ ማዕጺድ ኣብ ዝህልወሉ ከኣ ዝያዳ ይዝራእ። ከበታት ተኾንዳዕ ማእለውያን ደርማን ብሰፊሑ ካብ ዝዝርኣሉ ዓዲታት ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ እየን።

ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ ብእንስሳ ዘቤት ሃብታም ከባቢ እዩ። ኣብ ከብቲ ዓራዶ፡ ጠሉበዕን መጻዓኛንን ብዘበዝሒ ይርከቡ፡ ካብኡ ናብኡ ምብራቓዊ ኣጻድፍ ብሕልፊ ንመፍረ ጠሉበዕ ኣዝዩ ምቹእ ከባቢ እዩ። ስለዝኾነ፡ እቲ ብዘበዝሒ እዘን ዝተጠቕሳ እንስሳታት ዝተፈልጠ ከባቢ እዩ።

ካልእ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ቅድም ክብል ብምሕብር ዝቐመ ምርባሕ ናይ ጸባ ከብቲ ተፈቲዩ ነይሩ። መንግስቲ ብዝሃይኡ ፋሩሰቶን ፍሩሰከሎን፡ ግሎት በራን ወዘተ...መግቢ እንስሳ ንሓረስቶት ይድግሞም ስለዝነበረ፡ ኣብቲ ፈለማ ጸቡቕ ኹነታት ኣርእዩ። ድሒሩ ግን፡ ዋሕዲ ቀረብ መግቢ ዝጠንቁ በዝሑሩብ ክዘሕተል ተራእዩ። ናይ ጸባ ከብቲ ከም ተራ ጥሪት ግዛ በርኻ ወፊረን ክምእርራ ተገዲደን። እዚ ከይኣክል፡ ካብ ዕዳጋ መሸላ፡ ሰገም፡ ሰርናይን ወዘተ ሓዊስካ ኣጥሒንካ ምቕላብ እውን ተፈቲኑ። ከምኡ ጌርካ ግን ዝድለ ጸባ ክርከብ ይኽእልዶ? ብኸምኡ እናቐለብካ ዝርካቡ እትረኽቦ ጸባ 20 ናቕፋ ክትሸጦ የዋጽእ ድዩ? ወጻኢታትካ ከተሓዊ ክትብልከ ልዕሊኡ ክትሸጦ ዕዳጋ ትረክብዶ? ብኸምዚ ቀረብ ጸባ ዕዳጋ ክተውሕስ ይከኣልዶ? ምላሽ ዝደልዩ ሕቶታት ኣርባሕቲ ናይ ጸባ ከብቲ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ ኩይኑ ዝቕጽል ዘሎ እዩ። ስለዚ ንኹሎም እዞም ዝዘርዘርኩ ሕቶታት ርእዩ ወፍሪ ኣብ ምርባሕ ናይ ጸባ ከብቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ከንቈልቁል ምርኣይ ዘገርም ኣይኮነን። ህልዊ ቁጽሪ ናይ ጸባ ከብቲ ናይ'ዚ ንኡስ ዞባ፡ ኣብ 270 ተደሪቱ ኣሎ። ካብ'ዘኣን 140 ጎባይ፡ 18 ባርኖ፡ 16 ድቓላ ጎባይ ክኾና እንከለዋ፡ 97 ድማ ሓመርያ እየን።

ክትትል ጥዕና እንስሳ ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ፡ ከም ተርእዮ ጉሊሖም ዝርኣዩ ሕሞማት ሸኸና እግረን ከቢ ኣፍ ዘቕሰል ዕጮ ሳምን እዩ። ምስ'ዚ ተኣሳሲሩ ዝርአ ሓለዋን ክንክንን ጥዕና ጥሪት ብዕቱብ ይሰርሓሉ ኣሎ። ሓደ ካብኡ ብቐዋሚ ወሕስኡ ዝተረጋገጸ መድሃኒት ምቕራብ እዩ። ቅድሚ ሕጂ ፍርያት ቻይና መድሃኒታት እንስሳ ኣብ ዕዳጋታትና ኣዕለቕሊቖ ነይሩ። ሕጂ ግን፡ መንግስቲ ርትዓዊ ብዘኸሉ ዋጋ ደረጃ ጽሬቱ ዝተዋሕሰ መድሃኒት እንስሳ ኣብ ምቕራብ ልዑል ግደ ይጻወት ኣሎ። ሓረስቶት ከኣ፡ ጥዕናዊ ጸገም ጥሪቶም ፈሊጦም ብቐረባ ዝደለይዎ ዓይነት መድሃኒት ክረኽቡሉ ኣብ ዝኽእልሉ ኩነታት ተበጺሑ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ ኣስታት 650 ሄ/ር ዝኸውን ንመዓላ ልምዓት ጀራዲን ዝበልግል መሬት ኣሎ። ካብ'ዚ እቲ ክሳብ ሕጂ ኣብ መዓላ ዝወዓለ ግን ኣስታት 400 ሄ/ር ጥራይ እዩ። ይኹን'ምበር መንግስቲ ኣብ'ዚ እዋን ብዝገበሮ ዘሎ ምትእትታው ምሩጽ ዘርኢ ድንሽ፡ እቲ ንኡስ ዞባ ከም መፍረ ማእከል መባዝሒን መከፋፈሊን ምሩጽ ዘርኢ ድንሽ ክኸውን በቒዑ ኣሎ። ዞባታት ዓንሰባ፡ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ከምኡ'ውን ንኡሳን ዞባታት መንደፈራ፡ ደባርዋን ዓዲ ኳላን ቀንዲ ተረባሕቲ ወጽኢት መራብሒ. እዚ ማእከል ምኻኑን ይጥቀሱ፡ ኣብ ፍርያመንት ከም በዓል ቆስጦ፡ ሰላጣ፡ ካውሎ፡ ካሮት፡ ዝኩኒ፡ ኮሚደረ፡ ጉዕ በርበረን ጻዕዳ ሽጉርቲን እውን ብቐሊሉ ዝጥመት ከባቢ ኣይኮነን። ካብዚ ዝበዝሑ ጠሉብን ቀረብን ዕዳጋ ህዝቢ'ቲ ከባቢ ኣብ ምምላእ ወጽኢቱ ብእወታ ዝገለጽ እዩ።

ጸጋ ትሕተ-ባይታዊ ማይ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ፡ ብወገን ሶሚን ዝምስገን ኩይኑ፡ ዝበዝሑ ኣብ'ቲ ከበቢ ዝዕበዩ ኣልማዕቲ ጀርዲን ካብ ማይ ዒላ እዮም ዝጥቀሙ። ደብባዊ ወገን ናይ'ዚ ንኡስ ዞባ ኣብ ከም በዓል ተኾንዳዕ እውን ምንጪ ማይ ኣልማዕቲ ካብ ዒላ እዩ። እዚ ከም'ዚ እናኾነ፡ ኣቐዲሙ ኣብ መንደፈራ ብዘጠባበቖዊ ልምዓት ክፍተን ተባሂሉ ኣብ መጻኢ ግምት ክወሃቦ ዘለዎ ዛጊት ግን ዘይተበገሰ ሓደ ፕሮጀክት ኣሎ።

ኣብ ሕርሻ ደርሆ ከውፍሩ ዝደልዩ ሓረስቶት ብዘተኮስኦም ብዓቕሞም እናዳቐሉ ብትሑት ደረጃ ዝዮፍ ኣለው። ዝበዝሓ ኣብ ንኡስ ዞባና ዝርከባ ደርሆ መበቆላውያን እየን። መበቆላውያን ደርሆ ዝህባኦ ምህርቲ እንቋቑሖ ግን ዘይከም ዘመናውያን ደርሆ ውሑድ እዩ። ዓመታዊ፡ ብዝምጋም ካብ 50 ወይ 60 እንቋቑሖ ዝሓልፍ ኣይኮነን። እዚ፡ ምስ ብዘመናውያን ደርሆ ዝፈሪ እንቋቑሖ ኣወዳዲርካ ክትርእዮ እንክለኻ ውሑድ ይኹን'ምበር፡ ብመጠኑ ቀረብን ጠለብን ዕዳጋ ኣብ ምርግጋእ ኣቃሊልካ ዝርአ ኣይኮነን። ከም መረዳእታ ጨንፈር ሕርሻ'ቲ ንኡስ ዞባ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ ህላወ ደርሁ፡ ብዝምጋም ካብ 5 ሽሕ ዝሓልፍ ኣይኮነን። ካብ'ዘኣን መዓልታዊ ብውሑዱ 500 እንቋቑሖ ክእረ ትጽበት ይግበር።

ሕርሻ ንህቢ፡ ኣብቲ ንኡስ ዞባ ጸቡቕ ካብ ዝሰጉሙ ንጥፈታት ሕርሻ ሓደ እዩ። ብኣጠቓላሊ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ልዕሊ ኣስታት 2 ሽሕ ዘመናዊ፡ ባህላዊን ጋብላዊን ቆፎ ንህቢ ኣሎ። ኣብ'ዚ እቲ ዝዓበየ ቁጽሪ - ማለት እቲ 1500 ባህላዊ፡ ኣስታት 400 ዘመናዊ፡ ዝተረፈ ድማ ጋብላዊ ቆፎ እዩ። ድምር መጠን ኣብ ሓደ ወቕቲ ዝሕፈስ ማዓር፡ ካብ ዘመናዊ ቆፎ ካብ 20 ክሳብ 30 ኮንታል ማዓር፡ ካብ ጋብላዊ ቆፎ ካብ 15 ክሳብ 18 ኮንታል ማዓር፣ ካብ ባህላዊ ቆፎ ከኣ እቲ ዝለዓለ ክሳብ 10 ኮንታል ማዓር ይሕፈስ።

ኣብ ምርባሕ ንህቢ ክዕጥፍ ዝደሊ ሰብ፡ ምስ ተጠቃምነት ሕርሻዊ ኬሚካላት ብዝተሓሓዘ፡ ልምዓት ጀራዲን ዝንጠፈሉም ከበታት ክሪይድ ተመሪጹ ኣይኮነን። ብቐንዱ'ውን ንህቢ ብፍጥረቱ ርጉእን ንጹህን ከባቢ ስለዝመርጽ፡ እዚ ግምት ተዋሂብዎ፡ ኣብ ከም ዓዲ-ቐይሕ ሰፊሕ ንመዓላ ሕርሻ ዘይምቹእ ዝውንኑ ከበታት፡ ሕርሻ ንህቢ ከተካይድ ዝበለጸ እዩ። በዚ መሰረት'ምበኣር፡ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣብ ንህቢ ክዕጥፉ ዝደልዩ ሓረስቶት፡ ንጹህ ከባቢ ክኾኖም ኣብ ወገን ምብራቓዊ ኣጻድፍ ከካይዱ'ዮም ዝምከሩ። በዚ መሰረት፡ ብምሕብር ቈይሞም ኣብ ምብራቓዊ ኣጻድፍ ኣብ ምርባሕ ንህቢ ዝዕጥፉ፡ ብድምር ኣስታት 300 ንህቢ ዘውንኑ 44 ሓረስቶት ኣለው።



ንጥፈታት ምግራብ ምስ እንምልከት፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ ሓንቲ መደበር ፈልሲ ጥራይ'ያ ዘላ። ሎሚ ዓመት ከም መደብ 500 ሽሕ ፈልሲ ክዓሎ መደብ ነይሩ። ብሓደ-ሓደ ምኽንያታት ግን ክንድኡ ዝኣክል ፈልሲ ክፈልስ ከም ዝይከኣል ኣብ ውሳኔ ተበጺሑ። ብዝተገበረ ምይይጥ ከኣ፡ እንተውሓደ ኣከባቢ 360 ሽሕ ፈልሲ ክፈልስ ኣብ ምርድዳእ ተበጺሑ። ብመሰረት ስትራተጂ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ 50 ሚእታዊት ኣብ መደበራት ፈልሲ ሃገርና ዝፈልሱ ኣግራብ፡ መበቆላውያን ክኾኑ ኣለዎም ዝብል'ዩ። እዚ ክትግበር ግን ብዙሕ ጻዕርን ወጻኢታትን ስለዝሓትት፡ ንእትደልዮ ዕላማ ቀልጢፍካ ክትበጽሖ ዝከኣል ኣይኮነን። ካብ'ዚ ዝበዝሑ፡ ሎሚ ዓመት ኣብ መደበር ፈልሲ ዓዲ-ቐይሕ ካብ ዝፈለሰ ኣስታት 360 ሽሕ ፈልሲ፡ እቲ 80 ሚእታዊት ቀላሚጦስ፡ ዝተረፉ ድማ ግራዋ፡ ኣውሊዕን ጽሕዲን ነይሮም። ናብ 18 ምምሕዳራት ከበቢ እቲ ንኡስ ዞባ ተመቓሪሖም ከም ዝትከሉ ድማ ተገይሩ። ድሒሩ ዝዘበ ዝናብ ቀውዒ፡ ብሕልፊ ንዕቢዮት ናይ'ቲ ኣብ ወርሒ ግንቦት ዝተተኸለ ገረብ ሓጊዚ ነይሩ። ካልእ፡ ኮነታት ኣተሓሕዛ ሕዛእቲ ኣብ ንኡስ ዞባና፡ ሕሩም ሕዛእትን ሕዛእቲ ብዕራይን ተባሂሉም ብኽልተ መገዲ ዝተታሕዙ እዮም። ካብ'ዚ፡ እቲ 1960 ሄክታር መሬት ሕሩም ሕዛእቲ ክኸውን ከሎ፡ እቲ 2 ሽሕ ሄክታር፡ ሕዛእቲ ብዕራይ እዩ። ግቡእ ሓለዋን ክትትልን እናተገበረሉ ከኣ ይቕጽል ኣሎ።



ሽባብ
ሃማመተኤ

## ሕቶ ሽባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጅምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቀምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሽባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# ዝጎድኦ ስለ ዘይብሉ

ደዋሊት፤ ሄሎው፡ ምኽሪ ብተለፎን ድዩ?

ኣማኻሪ፤ ጽቡቕ ኣለኺ፡ ናብ ሃማመተኤ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደዊልኪ ኣለኺ። መን ክብል፡ ካበይ ቦታ ትኾኒ?

ደዋሊት፤ ማሙቕ እበሃል። ካብ ደቀምሓረ ድማ እድውል ኣለኹ።

ኣማኻሪ፤ የቐንየለይ ማሙቕ፡ እንታይ ክሰምዓኪ?

ደዋሊት፤ ምስማዕ ዝኣበየኒ ወዲ 13 ዓመት ቈልዓ ኣለኒ። ወደይ መኺረዮ ኣይሰምዕ ቀጺዐዮ ኣይፈግድ ኮይኑኒ። ሕጂ ክትመኽሮ ጸኒሕካ ክይወዓለ ክይሓደረ ናብታ ዝነበራ ይምለስ። ምስታ ምንኣሱ ሓብቱ ምሉእ መዓልቲ ክተሃላለኽ፡ ምስ መተዓብይቱን መማህርቱን ድማ ብዘይካ ብሓይልን ንዓይ ስምዑንን ብቐሊሉ ክረዳዳእ ዘይክእል፡ ኣብ ቤት ትምህርቱ ድማ ኣብ ሓደ ኮፍ ኢሉ ክመሃር ዘይክእል፡ ምስ መማህርቱ ክበኣስ ንግሆ ንግሆ መምህራኑ ክጽውዑኒ ደኺመ። ሕጂ ቀጺዐ ደኺመ ሕርቃንን ብስጭትን ኮይኑ ኣለኹ።

ኣማኻሪ፤ ማሙቕ፡ ገለ ብዛዕባ ኩነታት ሓዳርኪዶ ምሓበርክኒ?

ደዋሊት፤ ብዓልቤተይ ብሕማም ምስ ተጎድኣኒ፡ ዝነበረኒ ናብራ ሓዲገ ምስ ስድራይ'የ ተጠርኒፈ። ብድሕሪኡ ላዕልን ታሕትን እናበልኩ ናብራይ እኣሊ ኣለኹ። ኣብ ገዛ እንዳ ስድራይ ስለ ዘለኹ ብሓገዞም ኣብ ናብራ ብዙሕ ኣይተሸገርኩን። ክንዲ ሰብኣይን ሰበይትን ኮይነ ናብራይ እናኣለኹ፡ በዚ ቈልዓ ግን ኣይቀሰንኩን።

ኣማኻሪ፤ ይቕሬታ ማሙቕ፡ ሕማቕ ተረኺቡ። መዓስ'ዩ ብዓልቤትኪ ተጎዲኡ?

ደዋሊት፤ ሕጂ ደኣ 7ይ ዓመቱ ኮይኑ ኣሎ። ናይ ኣቦኦምሲ ክኢለዮ ነይረ። ኣነ ደቀይ ከይጎድሎም ኢለ፡ ዝበሉኒ ክውትፍ ላዕልን ታሕትን እብል። ዝጎደሎም ዘይብሎም ወደይ ምኒን እናበለ ከሕመኒ እንከሎ ኣዝዩ'ዩ ዘሻቕለኒ። ሓቂ ይሓይሽ ብፍሉይ ነዚ ወዲ ዝበለኒ'የ ዘማልኣሉ። እዚ ኩሉ እናገበርክሉ ክርደኣለይ ዘይምኽኣሉ የጉህየኒ። ክዳኑን መግቡን ከምኡ ድማ ዝበለኒ ዝኾነ ጠለባቱ ስለ ዘማልኣሉ፡ ኣንጭዋ ጸደፈት ድሙ ተዓንቀፈት እናበለ ከሸግረኒ እንከሎ ኣዝዩ እጉሂ እምበር።

ኣማኻሪ፤ ንምንታይ ኢኺ ኩሉ ዝበለኪ እተማልእሉ?

ደዋሊት፤ ኣቡኦም ብኣመና'ዩ ዘሕንቅቖም ነይሩ። ሓደ ሓደ ግዜ ወደይ ኣቦይ እንተ ዝህሉ ከምዝገን ከምትን ምኾነ ክብል እንከሎ ስለ ዝሰምዓኒ፡ ኣቦ ዘይብለይ ኢሉ ከየስተማስልን ናብ ካልእ ቁሊሕምሊሕ ከይብልን ኢለ ስለ ዝሓስብ'የ።

ኣማኻሪ፤ ኣገባብ ኣቀጻጽዓኺ ከመይ'ዩ?



ደዋሊት፤ ከምዚ ዝበልኩኻ ዝኾነ ዝጎድሎም ስለ ዘየለ፡ ጌጋ እንተ ፈጺሞም ብማህረምቲ ዝሓድገሎም የብለይን። ብዝሓዝክዎ'የ ዝሃርሞም። ወደይ ግን እናቐጻዕክዎ፡ ተጋግየ ኢሉ ከማን ኣየዝሕለንን'ዩ።

ኣማኻሪ፤ እዚ ኩሉ እናቐጻዕክዮ ደኣ ንምንታይ ለውጢ ዘይረኸብክሉ? እዚ ኣገባብኪ እንታይ ውጽኢት ረኺቡሉ ትብሊ?

ደዋሊት፤ ሎምስ ንዓይ ከማን የድክመኒ ኣሎ። ገለ ዝሓሸ ምኽሪ እንተ ረኺብኩ እንድየ ናባኹም ደዊለ። ካብ ምቕጻዕ ሓሊፈ'ሞ እንታይ ዘይገበርኩ'የ።

ኣማኻሪ፤ ምህላው ቁጠባዊ ዓቕሚ ኣገዳሲ'ኳ እንተ ኾነ፡ ንኹሉ ነገር ምሉእ ይገብሮ ማለት ግን ኣይኮነን። ውሉድኪ ብዓቢኡ ኣቦ ስለ ዝተፈለዮ ምስሊ ኣቦነት ይጎድሎ'ዩ። እዚ ዘጋጠመ ሃጓፍ ድማ ብገንዘብ ብምምላእ ክሽፈን ኣይክእልን'ዩ። ዋላ'ኳ ከተማልእዮ ሓርኮትኮት ትብሊ እንተ'ለኺ፡ ተፈጥሮ ስለ ዝኾነ ምሉእ ክኸውን ኣጸጋሚ'ዩ። ዝበዝሐ እዋን ካብ ኣደ ፍቕሪ ካብ ኣቦ ድማ ሓይልን ትብዓትን ስለ እንመሃር'ዩ።

ሓቂ'ዩ፡ ኣካላዊ መቕጻዕቲ ዘይተደልየ ባህሪ ንምእራም መሰረታዊ ለውጢ ከም ዘምጽእ ዝኣምኑ ሰባት ውሑዳት ኣይኮኑን። ይኹን'ምበር መጽናዕትታት ከም ዝሕብርዎ ከምቲ ዝዝረበሉ ውጽኢታዊ ከም ዘይኮነ'ዩ ዝፍለጥ። ኣብ ርእሲ'ዚ መኣረምታ ኣብ እዋኑ ክኸውን ይግባእ። ማዕረ ማዕሪኡ ድማ መኣረምታን ምድንጋጽን ኣብ ሓደ እዋን እንተ ተፈጺሞም፡ ቈልዓ ሕማቕን ጽቡቕን ፈልዩ ንኽይፈልጥ ዘደናግር ስለ ዝኾነ ክውገድ ይግባእ።

ብኻልእ ወገን ንሰባት ዝሃብካዮም ስምዒት'ዮም ዝመልሱልካ። ማለተይ ውላድኪ ሕጂ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽርኪ ስለ ዘሎ ንሕርቃንክን ጓህኽን ግዲ ብዘይ ምግባር የጉህየኪ ይህሉ ይኾውን። ጽባሕ ክንዲ ሰብ ምስ ኮነ ግና እቲ ኣባኺ ዝርእዮ ዘሎ ኣገላልጻ ስምዒት ንቡር መሲልዎ ክደግሞ ተኽእሎ ስለ ዘለዎ ኣብ ባህርያትኪ ምስትብሃል ከገድሰኪ'ዩ። ብመሰረት ሓበሬታኺ ኣካላዊ መቕጻዕቲ ዘዕግብ ለውጢ ግብረ-መልሲ ኣይረኣኽሉን። ስለዚ ካልእ ኣገባብ ኣተኣላልያ ዘይተደልየ ባህሪ ምጥቃም ከገድስ'ዩ። መጀመርያ ባህርያተይ ባህርያት ውላደይ ንምልዋጥ ሓጋዚ ድዩ ኣይኮነን ብምባል መልሲ ምንዳይ ከድልየኪ'ዩ። ማዕረ-ማዕሪኡ ውላድኪ ኣዝዩ ዘይተደልየ ባህርያት ኣብ ዘርእየሉ እዋን ካብ ዝፈትዎ ነገራት ምኽልካል፡ ንዝተወሰነ እዋን ኣብ ትሕቲ ምሉእ ምክትታልኪ ኣብ ልግስ ዝበለ ቦታ ከም ዘዕርፍ ምግባር ባህርያቱ ኣብ ምምእዛን ሓጋዚ'ዩ። እዚ ማለት ንእትኽተልዮ ኣገባብ ጸኒዕኪ ምኽታሉን ምስዓቡን ከድልየኪ'ዩ።

ደዋሊት፤ ኦይ፡ ሓንሳብ ርሓቐለይ፡ ኣብቲ ሓደ ገዛ ኬድካ ኮፍ በል እንተ ኢልካዮ፡ ብኣ ኣቢሉ ደጊኡ'ዩ ዝኸይድ።

ኣማኻሪ፤ ናይ ዕረፍቲ ኣገባብ ኣተኣላልያ ዘይተደልየ ባህሪ ካብ 5 ደቓይቕ ዘይበዝሕ ኣብ ቅድሚ ምሉእ ምክትታልኪ'ዩ ክኸውን ዝግብኦ። ባህሪ ድማ ብሓደ ለይቲ ዝልወጥ ኣይኮነን። እዚ ውሉድኪ ኣብዘን ኣቑጺሩወን ዘሎ ዓመታት ዕድሚኡ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዕለትን መዓልትን ዝተማህሮን ዝተለማመዶን ባህሪ ኣሎ። ውጽኢቱ ድማ እዚ ዘንጸብርቖ ዘሎ ክኸውን ይኽእል። "ተጋግየ ኣይብልን'ዩ፡" ኢልክኒ ጸኒሕኪ ብህጻኑ እንከሎ "ይቕሬታ፡ ተጋግየ፡ የቐንየለይ፡" ክብል ኣለማሚድክዮዶ ትኾኒ?

ደዋሊት፤ ኣቦኦም እንከሎ ኣዝዩ ይሕግዘኒ ስለ ዝነበረ ብዛዕባ ባህርያቶም ብዙሕ ይርደኣኒ ኣይነበረን። ኣብ ዝደለይዎ ይወስዶም፡ ዝደለይዎ ይገብረሎም ስለ ዝነበረ ብዙሕ ይርድኣኒ ኣይነበረን። ሕጂ በይነይ ምስ ተረፍኩ'ዩ ዝያዳ እዚ ባህሪ ዝፍለጠኒ ዘሎ።

ኣማኻሪ፤ ዘጋጠመ ዕረፍቲ ብዓልቤትኪ ዘጉህይ'ኳ እንተ ኾነ፡ ሕጊ ተፈጥሮ ስለ ዝኾነ ክልወጥ ዝከኣል ኣይኮነን። ስለዚ ኣብቲ ዝሓለፈ ስምዒት ክንዲ ምንባር ኣብ ህሉው ምስራሕ ዝሓሸ ክኸውን'ዩ።

ሓቂ'ዩ ውላዱ ብሕማቕ ክርኢ ዝብህግ ወላዲ'ኳ እንተ ዘየለ፡ ወላዲ ንውሉዱ ምእላይ ዝጥቀመሎም ስልትታት ግና ንህይወቱ ኣብ ምምእዛን ወሳኒ ተራ'ዩ ዝጻወት። ሕመረት ኣተዓባብያ ቈልዓ ኣቓዲምካ እዚ ባህሪ ንመጻኢ ህይወቱ ርእሱ ክኢሉ ንኽነብር ሓጋዚ ድዩ ኣይኮነን ብምባል ክምለስ ይግባእ። የሕንቅቓ ኣለኹ ካብ ዝበል ስምዒት ውላድካ ገዛእ ርእሱ ክድግፍ ከም ዘይክእል ጌርካ ምእላዩ ግና ኣብ መጻኢ ህይወቱ ንዝገጥምዎ ብድሆታት ርእሱ ክኢሉ ንኸይብድሆም ዝዕንቅጽ ክኸውን ይኽእል።

ደዋሊት፤ ኣነስ ወደይ ብስእነት ተሸጊሮም ርእሶም ከየትሕቱ ኢለ'የ ዘቀባጥረሉ'ምበር ክደፍረኒ ኢለዶ ገይረዮ።

ኣማኻሪ፤ ኣብ ልዕሊ ውሉድኪ ሓልዮት ምርኣይ ተፈጥሮኣውን ሞራላውን'ኳ እንተ ኾነ፡ ኣብዛ ብኹሉ ምልእቲ ዘይኮነት፡ ኩሉ ድሌታትካ ከተዕግበላ ዘይትኽእለላ ምድሪ፡ ብዓይኒ ሕንቃቐ ንኹሉ ክትሓልፈሎም ብምሕላን ምጽዓር ኣገዳሲ። ዋላ'ኳ እንተ ኾነ፡ ኣብ ኣእምሮ ውላድካ ህይወት ምልእትን ፍጽምትን ምኳና ምስራጽ ግን ሓጋዚ ኣይኮነን። እዚ ክበለኪ እንከለኹ ንውላድካ ጽቡቕን ሕማቕን ምፍላጥ ክስሓት ከም ዘይብሉ ንምዝኽኻር'ዩ። ልክዕ'ዩ ውላድካ ብህይወትካ እንከለኻ ብንኣሽቱ ነገራት ክጽገም ምርኣይ ጽቡቕ ስምዒት ዘይፈጥር ክኸውን ይኽእል'ዩ። ህይወት ካብ ሕማቕን ጽቡቕን ዘይትበኩር ክሳብ ዝኾነት ግና ቈልዓ ዓቕሙ ብዝፈቕዶ ጸገማትን ብድሆታትን ንኽፈልጥ ምልምማዱ ኣገዳሲ'ዩ። እዚ ማለት ግን፡ ኮነ ኢልካ ሽግር ብምፍጣር ጸቕጢ ከም ዘሕድር ምግባር ማለተይ ኣይኮነን። እንታይ ደኣ፡ ሽግር ኣብ ዝፍጠረሉ ግዜ መረዳእታኡ ከስፍሕን ብዓቕሙ ኣብ ምፍትሑ ክዋሳእን ምትብባዑ'ዩ። ነዚ ተግባራት ብቐሊሉ ንኽርድኦ ኣብ ዕለታዊ ንጥፈታት ገዛ ብንጥፈት ከም ዝዋሳእ ምግባር፡ ኣብ ከባቢኡ ንኽዋሳእ ዕድል ብምፍጣር ብድሆታት ናብራ ካልኦት ንኽዕዘብ ምትብባዕ፡ ገለ ካብቶም ኣገባባት ክጥቀሱ ይከኣል።

ደዋሊት፤ ከምዛ እንቋቑሖ ክንከናኽናዮም ጸገም መዓስ ኣፍሊጥናዮም። ኣብ ከባቢኦም ደኣ ክንደይ ሸጉርን ጽጋባን እንድዩ ዘሎ። ነዚ ዝፈልጥ እንተ ዝኸውን ደኣ መዓስ መሸኮንደረለይ።

ኣማኻሪ፤ ደሓን ማሙቕ፡ እንቋዕ ንስኺ ዘለኪ ሃጓፋት ኣለለኺ'ምበር ከይተሓለልኪ እንተ ጽዒርኪ ክትዕወቲ ኢኺ።

ደዋሊት፤ ኩሉ ከም ኣበሃህላኻ ይኹነለይ'ምበር፡ ውሉድካ ድኣ መዓስ ጉድጓድካ ይሓልፈልካ ኮይኑ።

ኣማኻሪ፤ ወለዶታት ክተኻኸኡ ደኣ'ምበር፡ እቲ ሓደ ብናይቲ ካልእ ህይወት ይነብር ማለት ኣይኮነን። እቲ ቀዳማይ ወለዶ ነቲ ተካኢኡ ከሕልፎ ዝግባእ ባህሉን ልምዱን ፈሊጡ ዝሓሸ ህይወትን ስልጣነን ንኽህልዎ ምጽዓር'ዩ ኣብ ባህርያት ውላድኪ ዝሓሸ ውጽኢት ዘርክቦ።

ደዋሊት፤ ብሓቂ ምስ ኑብሰይ ክዝቲ ሓጊዝካኒ ኣለኻ። ዝሓይሸ መኺረ ክድውል'የ። የቐንየለይ!

ኣማኻሪ፤ ገንዘብኪ። ኣብ መስመር ኣለና ደውሊ።

## ልቦና

## ኣነቓቓሒ ዛንታ

ሱራፌል ተ.

### ኵሉ ሳዕ ሰብ ኣለና

ቀዳሞት ደቀባት ኣሜሪካ፡ ሓደ በጽሒ ሰብእናኡ ንምርግጋጽ ዓይኑ ብጨርቂ ብምሽፋን ኣብ ሓደ ጫካ ኣእትየሞ ይምለሱ ነበሩ። እዚ በጽሒ ሓደ ለይቲ ምሉእ ኣብ ማእከል ጫካ ኣዒንቱ ከይከፈተ ክጸንሕ ኣለዎ። ጩራ ጸሓይ ኣብ ኣካላቱ ምስ ዓለበ ድማ ክኸፍቶ ይኽእል። ዝሕግዞ ኹነ ዝረድኦ የብሉን። ነቲ ጫካ ብናቱ መገዲ ይወጽኦ። ከመይ ኢሉ ከም ዝተዋጽኦ ኸኣ ንኻልኦት መንእሰያት ክነግር ኣይፍቀዶን። ኵሉ ብብናቱ መገዲ'ዩ ዝወጽኦ። ሽዑ ከም እኹል ሰብኣይ ተሓሲቡ ምስ ሰብኡት ይሓብር።

ሓደ በጽሒ፡ ሰብኣይ ከም ዝኣኸለ ንኽረጋግጽ፡ ኣዒንቱ ብሸፍኑ ናብ ማእከል ቓካ ኣእትዮም ሓደግዎ። ኣብቲ ጫካ ምስ ኣተወ መሬት ጸልመተ። በበይኑ ድምጺ ክሰምዕ ጀመረ። ሓሸሽታ፡ ናይ ኣራዊት ንቕ፡ በበይኑ ድምጺ ምስ ሰምዐ ክፈርሕ ጀመረ። ኣራዊት ጥራይ ዘይኮኑ ከምኡ ሰብ ከይጉድኦ'ውን ሰግአ። ንፋስ ንሳዕርን ገፊል-መፈለ ከንቀሳቕሶ እንከሎ፡ ኮፍ ኢሉ ዝነበረ ጉንዲ'ውን ነነይ በለ። ፍርሑ'ኳ እንተ ዓበየ፡ ሰብኣይ ምዃኑ ንምርግጋጽ እንኮ መገዲ ብምዃና ኣዒንቱ ክኸፍት ኣይደለየን። ኣታ ዘላ ኣብኣ ኣላ ብምባል ኣብ ዘለዎ ኣስቀጠ።

መወዳእታኡ ጸሓይ በሪቓ ጩራታት ጸሓይ ኣብ ዝባኑ ምስ ዓለቡ፡ ነቲ ዓይኑ ሸፊኑ ዝነበረ ጨርቂ ኣለዮ'ሞ፡ ኣቦኡ ኣብ ቅድሚኡ ኮፍ ኢሉ ክሕልዎ ጸኒሑ። በይንና ከም ዘለና ኰይኑ ኣብ ዝሰመዓና እዋን፡ በይንና ኣይኰናን። ኣብ ዙርያና ንዓና ክሕልዉ፡ ክረድኡን ክድግፉን ደው ዝበሉ ኣለዉ።

Inspiratuionalstories.com

ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ዓንደመስቀል በርሀ

# ግቡእ ኣተሓሕዛን ኣከዛዝናን ምህርቲ

**እዚ ዘለናዮ ወቕቲ ከምዝፍለጥ ወቕቲ ቀውዒ እዩ። ወቕቲ ቀውዒ ድማ ነቲ ኣብ ሰለስተ ክሳዕ ሽድሽተ ወርሒ ሓረስታይ ዝተጸበዮ ምህርቲ ኣብ ቀፍኡ ዝኣትወሉ፡ ተጠቃሚ ድማ ንዓመትን ልዕሊኡን ዝኸውን ቀለቡ ዝእክበሉ እዩ። ስለዚ ንዘፍረናዮ ምህርቲ ይኹን ዝሸመትናዮ ብኸመይ ኣገባብ ክንዕቅቦ ንኽእል ዝገልጽ ጽሑፍ ንሎሚ ዓምዲ ፍረ-ጻዕሪ ሒዛ መጺኣ ኣላ፡ ነዚ ኣመልኪቱ ክኢላ ምክልኻል ብቑሊ ኣቶ ፊልሞን ኣፈወርቂ ካብ ዞባ ዓንሰባ ን/ከረን መጽሓፍቲ ተወኪሱ ዘዳለዎ ጽሑፍ ሰዲድልና ኣሎ፣ ሰናይ ንባብ።**



*ኣቶ ፊልሞን ኣፈወርቂ*

### ስለምንታይ ዘራእቲ ብግቡእ ክኽዘኑ ኣለዎም?

ኣእካል ብግቡእ እንተዘይተታሒዞምን ዘይተዓቂቦምን ብዝተፈላለዩ ባልዓት መኽዘን ዓቢ ብክነትን ክሳራን የጋጥሞም። ብደረጃ ዓለም፡ ብክነት ምህርቲ ዘራእቲ ብባልዓት መክዘን ክግብገም ከሎ ካብ ሓሙሽተ ሚእታዊት ክሳዕ 10 ሚእታዊት ኣብ ሓደ ወቕቲ ይበጽሕ፣ እዚ ብኽነት ዝኾነ መግትኢ ምስዘይግበረሉ ድማ እቲ ብኽነት ክሳዕ 30 ሚእታዊት ክበጽሕ ይኽእል። ካብዚ ብኽነት ንምኽልኻል ተባሂሉ ኣእካል ዝኽዘኑ ከለዉ ዝተፈላለዩ ከሚካዊ ጸረ-ባልዓት ክጥቀሙ ይርኣዩ። ስለዚ እምበእር ካብ ዕንወት ናይ ባልዓት መኽዘን ንምድሓንን ከምኡ'ውን ተጠቃምነት ዘይውሑስ ከሚካዊ ጸረ-ባልዓት ንምውጋድ፡ ግቡእ ኣተሓሕዛን ኣከዛዝናን ኣእካል፡ ውሁድ ሜላ ምክልኻል ባልዓት መኽዘን ምፍላጥ መሰረታውን ኣገዳስን ይኸውን።

### ግቡእ ኣተዓቓቕባ ምህርቲ ኣእካል መዓስ ይጅምር፡ ብኸመይ'ከ ይትግበር?

ግቡእ ኣተዓቓቕባ ምህርቲ ካብ ቅድመ ምእካብ ምህርቲ (እኽሊ ኣብ ግራቱ ከይተዓጽደ) ጀሚሩ ክሳዕ ኣብ ኢድ ኣህላኺ ዝበጽሕ፡ ሰፊሕ መስርሕ እዩ። ምህርቲ ብግቡእ ክዕቀብ እንተኾይኑ እዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ኣብ ግምት ክኣትዉ ይግባእ፦

1. ምህርቲ ዝእከበሉ እዋን ብግቡእ ምፍላጥ፦ ኩሎም ኣትክልቲ ዝዓብዩሉ ዝዋሰብሉ፡ ዝፈርዩሉ፡ ፍሪኦም ዝእከበሉ ፍሉጥ ዝኾነ ግዜን ምልክታት ኣለዎም። እምበኣር ኣእካል ግዚኦም ምስ በጽሐ ብግቡእ ክእከቡን ክነቕጹን ኣለዎም።

2. ምኽያድን ምጽራይን እኽሊ፦

- ኣእካል ትሕቲ 16 ሚእታዊት መጠን ጠሊ ምስ ሓዙ ጥራይ ንመኼዳ ድሉዋት ይኾኑ
- ኣብ ግዜ መኼዳ ንፍረ እኽሊ ዘይሃሲ ኣገባብ ወይ ሜላ ምጥቃም፡ ንኣብነት ንዕፉን ኣብ ክንዲ ብበትሪ እናሃረምካ ዝሻቀጥ ካልእ ኣገባብ ተጠቒምካ ክትጨጭፎ ምፍታን
- እኽሊ ቅድሚ ናብ መኽዘን ምእታው፡ ብዝግባእ ክጸርን ዝኾነ ተረፍ መረፍ ዘየድልዩ ድርቕምቓምን ክህልዎ ኣግባእን። ዘየድልዩ ነገራት ከም ሓመድ፡ ጸጸር፡ ዝተሰባበሩ፡ ዝዓመሉ፡ ሕብሮም ዝቀየሩን ኣእካል፡ ብሓሳኹ ዝተበልዑ ኣእካል ብዝተኻእለ መጠን ክነውግዱም ይግባእ። ምኽንያቱ እዞም ጥረ ነገራት ንብከላ እክልና ኣብ መኽዘን ስለዘጋድዱ ክእለዩ ይግባእ።

3. ምንቃጽ እኽሊ

እኽሊ ተኸይዱ ምስ ወድአ፡ ቅድሚ ናብ መኽዘን ምእታዉ ብግቡእ ክነቕጽን ናብቲ ዝድለ መጠን ጠሊ ክወርድን ይግባእ። ኣእካል ነናቶ መጠን ዝኽዘንሉ ጠሊ'ኳ እንተሃለዎም፡ ብሓፈሻ ግን እኽሊ ንምኽዛን ዘድልዮ መጠን ጠሊ ትሕቲ 13 ሚእታዊት ምስ ዝኸውን ጥርይ እዩ።

### ስለምንታይ ምህርቲ ዘራእቲ ብግቡእ ክነቕጹ የድሊ?

ሀ) ልዑል መጠን ጠሊ ንእኽሊ የዐሱ ወይ የሰይሕ፣ ዕሲ ድማ ንእኽሊ የመሽምሽን ይብክልን። እዚ ዝዓሰወ እኽሊ ኣፍላቶክሲን (Aflatoxin) ዝተባህለ ባእታ የፍሪ'ሞ፡ ኣብ ጥዕና ሰብን እንስሳን ከአ ከቢድ ጥዕናዊ ሳዕቤን የኸትል፡ ክሳዕ ሞትን ከስዕብ ዝኽእል መርዚ ከማዕብል'ውን ይኽእል።

ለ) ንዘተኸዘነ ምህርቲ ዘጥቕዑ ሓሳኹ (ባልዓት መኽዘን) ጠልን ሙቀትን ኣብ ዘለዎም ኣእካል ብዝለዓለ ይፋረዩን ይባዝሑን፣ ብተወሳኺ ንሳቶም ብዝፈጥርዎ ሙቀት ኣእካል ከም ዝዕሰው ስለዝገብሩ፡ ኣእካል ወትሩ ብግቡእ ክነቅጹ ኣለዎም።

ካብ ዕዳጋ እንገዝኦም ኣእካል እውን ካብ ዝተፈላለየ ርስሓትን ብከላ ናይ ዝተፈላለዩ መድሃኒታትን ንምክልኻል ሓጺብና፡ ግቡእ መስርሕ ምንቃጽ ተኻይድሎም ክኽዘኑ ይግባእ።

### ኣብ ግዜ ምንቓጽ ምህርቲ ዘራእቲ ክግበሩ ዘለዎም ጥንቃቐታት

- እኽሊ ንምንቓጽ እንጥቀመሉ መንጸፍ ማይ ዘየሕልፍን ረጉድ፡ ነቲ ክነቅጽ ተደልዩ ዘሎ ብዝሒ እኽሊ ዝኣክል ክኸውን ይግባእ፣ ምኽንያቱ እኽሊ ብግቡእ ክነቕጽ እንተኾይኑ ቐጸላ ናይቲ ዝዘርጋሕ እኽሊ ካብ 4 ሰ.ሜ (ፍርቂ ቁመት ኣመላካቲት ኣጻብዕትና) ዘይሓልፍ ክኸውን ይግባእ። ነዚ ንኽንዝርግሕ፡ እቲ እኽሊ ሓመድ ከይትንክፍ እኹል መንጸፍ ከነዳሉ ኣሎና
- ንምንቃጽ ዝተዘርግሐ እኽሊ ብቀጻሊ ክግምጠል የድሊ። እኽሊ ንኽልተ ሰዓታት ኣብ መንጸፍ ተዘርጊሑ ምስ ጸንሐ፡ ነቲ እኽሊ ናብ ሓደ ፍርቂ ናይቲ መንጸፍ ደፊእና፡ ነቲ ነጻ ዝተረፈ ወገን መንጸፍ ንሓሙሽተ ደቒቕ ክነቅጽ ንገድፎ። ድሕሪ'ዚ ነቲ እኽሊ ናብቲ ነጻ ዝጸንሐ ወገን ንመልሶ፡ ነዚ ወገን መንጸፍ ድማ ብተመሳሳሊ ንሓሙሽተ ደቒቕ ነንቅጾ። ድሕሪኡ መሊስና ነቲ እኽሊ ኩሉ ዘርጊሕና መስርሕ ምንቃጽና ንቕጽሎ፡ ድሕሪ ክልተ ሰዓት ድማ ከምኡ ጌርና ነቲ መንጸፍ ነዝፍሮ።

### እኽሊ ብኸመይ ክኽዘን ኣለዎ?

እኽልና ብግቡእ ምንቃጹ ምስ ኣረጋገጽና ዝተርፈና መስርሕ ብቁዕ መኽዘን ምድላው ይኸውን።

ኣየር ዘይኣትዎ ኣገባብ ምኽዛን፦

እዚ ሜላ ምኽዛን'ዚ እኽሊ ዝኾነ ሓሰኻን ኣየርን ከም ዘይኣትዎ ብምግባር ንእኽሊ ንከላኸለሉ ኣገባብ እዩ። እዞም መኽዘናት ብግቡእ እኽሊ መሊኦም ምስ ዝዕጸው፡ እቶም ኣብ ውሽጦም ዝጸንሑ ሓሳኹ'ውን ብሕጽረት ኦክስጅን ኣብ ውሑድ መዓልታት ተዓብዒቦም ይሞቱ። ኩሎም እዞም ኣየርን ሓሰኻን ዘየእትዉ መኽዘናት፡ መጠን ጠሊ ትሕቲ 13 ሚእታዊት ብዝኾኑ ኣእካል ጥራይ ክመልኡ ይግባእ። ብተወሳኺ ንቐጥታዊ ጸሓይን ዛሕልን ክቃልዑ ኣይግባእን። እዞም ኣየር ዘየእትው መኽዘናት ብዝተፈላለየ ኣገባባት ይዳለው፡ ንሕጂ ግና ክልተ ካብኣቶም ንርአ፦

1. ኣየር ዘየሕልፉ ፕላስቲክ ሳንጣታት

እዞም መትሓዚታት ካብ 80 ክሳዕ 90 ኪሎ ናይ ምሓዝ ዓቕሚ ዘለዎም ኮይኖም፣ ፖሊትይሊን ዝተባህለ ንምንቅስቃስ ሃፉን ኦክስጅንን ዝገትእ ቀጸላ ዘለዎም እዮም።

ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ሃገርና ድማ ንፈተነ ተባሂሎም ብሚኒስትሪ ሕርሻ ንሓረስቶት ተዓዲሎም ከምዘለዉ ይፍለጥ። ካልእ'ውን ሓረስታይ ብቐረባ ኣብ ዕዳጋ ክረኽቦም ዝኽእል፡ ረጉድ ናይ ፕላስቲክ ከረጺት ምጥቃም ይከኣል እዩ። ንእኽልና ኣብዞም ናይ ፕላስቲክ ሳንጣታት ምስ ኣእተናዮ፡ ቦታ ከይገደፍና ንስጉዶ። ቀጺልና ኣየር ከም ዘየእቱ ጌርና ክልተ ግዜ ዓጺፍና ጽቡቕ ጌርና ንኣስሮ። ንኽይቅደድን ከይበላሾን ድማ ኣብ ውሽጢ ካልእ ረጉድ ከረጺት ከነእትዎ ይግባእ።

እዞም ናይ ፕላስቲክ ከረጺት ኣብ ውሽጢ ቤትና ኣብ ምድሪ ቤት ክቕመጡ ኣይግባእን፡ ብዝተኻእለ ካብ መንደቕን ፈሊና ከነቐምጦምን ይግባእ።

2. ኣየር ዘየእትው ዘመናዊ ናይ ፕላስቲክ ቆፎታት

እዚ ዓይነት ቆፎታት ብተምሳል እቲ ብባህላዊ እንጥቀመሉ ቆፎታት፡ ብዘመናዊ ቅዲ ዝተሰርሐ ኮይኑ፡ ብናይ ሰለስተ ኩንታልን 60 ኪሎን (360 ኪ.ግ) ዓቐን ዝተሰርሐ እዩ። እዞም ናይ ፕላስቲክ ቆፎታት ካብኦም ንፈተነ ተባሂሎም ብሚኒስትሪ ሕርሻ ንሓረስቶት ተዓዲሎም ዝተዓደሉ እዮም።

ቅድሚ ነዚ ቆፎ ምዕጻውና ብዝተኻእለ መጠን ነቲ እኽሊ እናሰገድና ምሉእ ብምሉእ ነቲ ቆፎ ከም ዝመልእ ብምግባር፣ ነቲ ኣብ ውሽጢ ዘሎ ኣየር ጠቕሊሉ ከም ዝወጽእ ክንገብር ይግባእ። እዚ ዓይነት ቆፎ ንቀጥታዊ ብርሃን ጸሓይ ክቃላዕ ኣይግባእን፣ ከምኡ'ውን ካብ ባይታ ክቅመጥ የብሉን፣ ብዝተኻእለ ካብ መንደቕ ፍንትት ኢሉ ክቕመጥ ይግባእ።

ኣብ መደምደምታ እዚ ኣብ ላዕሊ ክንሪኦ ዝጸናሕና ኣገባባትን መሳርሒታትን ብዓቕሚ ዝኾነ ሓረስታይን ተጠቃሚት ስድራቤታት ክሰርሕሉን ዝካኣል ምዃኑ ብልጫ ዘለዎ ኩይኑ ንረኽቦ። ምህርቲ ካብ ዕንወት ባልዓት መክዘን ንምድሓን ካብ ከሚካዊ ጸረ ባልዓት ወጻኢ ዝኾነ ውሁድ ሜላ ምክልኻል ባልዓት ከነካይድ ይግባእ።

ኣብ ዝኾነ ኣጋጣሚ ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ዝኣቱ ናይ መኽዘን ጸረ-ባልዓት ክንጥቀም የብልናን። ምኽንያቱ ኣደዳ ዘይተደልየ ናይ ጥዕና ጸገማትን ከኸትል ስለዝኽእል፡ ብፍላይ ዘሎና እኽሊ ውሑድ ዓቐን ምስዝኸውን ኣብ ቤትና ወይ ናብ ቤትና ዝቐረበ መኽዘን ስለእነቐምጦ። ብፍላይ እቶም ናይ ማዕጠና ከሚካዊ ጸረ-ባልዓት (Fumigants) ብፍሉያት ክኢላታትን፡ ብኣዝዩ ልዑል ጥንቃቐን ክትግበሩን ክተሓዙን ዝግብኦም እዮም።


*መወከሲ ጽሑፍ፡- ምምሕያሽ ኣተሓሕዛን ኣከዛዝናን ኣእካል ድሕሪ ምእካብ ምህርቲ (ሚ/ሕርሻ 2019)*

***

## መጠን ጠሊ ዘራእቲ ናብ ዝድለ ደረጃ ምህላዉ ብኸመይ ነረጋግጽ

1. ሓደ ምስ መኽደኑ ዝጸንሐ ጽሩይን ንቁጽን ጥርሙዝ ኣዳሉ
2. ንመግቢ እትጥቀመሉ ንቁጽ ጨው ኣዳሉ
3. ሓደ ሲሶ ናይቲ ጥርሙዝ በቲ ንክኽዘን ተዳልዩ ዘሎ እኽሊ ምልኣዮ
4. ቀጺልካ ሰለስተ ማንካ ጣውላ ንቁጽ ጨው ኣእትወሉ

- ነቲ ጥርሙዝ በቲ መኽደኒኡ ጌርካ ኣግጢምካ ዓጺኻ ንሓደ ደቒቕ ኣናጎጽጎጽካ ሓዋውሶ
- ብድሕሪ እዚ ነቲ ጥርሙዝ ኣቀሚጥካ ን 15 ደቃይቕ ተጸበ
- ውጽኢቱ ኣብ ውሽጢ'ቲ ጥርሙዝ ዝተላሕገ ወይ ዝጠበቀ ጨው እንተ ጸኒሑካ፡ እኽልኻ ከም ዘይነቀጸ ዘመልክት እዩ። ኣብቲ ጥርሙዝ ኣብ ውሽጡ ዝኾነ ዝተላሕገ ጨው እንተዘይብሉ ግና፡ መጠን ጠሊ እኽልኻ ትሕቲ 13 ሚእታዊት ወሪዱ ከም ዘሎ ዝሕብር ኰይኑ ንምኽዛን ድሉው ኣሎ ማለት እዩ።





ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

ዛንታ

## እታ ወረቐት

ሻሙናይ ክፋል

"ደሓን... እየ ግን...፣" ንብዓት ሰዓረኒ። ምዝራብ ሰኣንኩ። ፊቕ ኢለ ክበኪ ጀመርኩ።

"ኣቤል ወደይ እንታይ ዲኻ ኴንካ? በጃኻ ንገረኒ? ስለምንታይ ትበኪ ኣለኻ?" ኣብ መንኩብይ ሒዛ ኣብ ቅድመይ ኮፍ በለት።

ብኽያተይ ቀጸልኩ።

"በጃኻ ስምዓኒ! እንታይ ኴንካ?" ንብዓተይ ሓበሰትለይ።

"ተ..ጋ..ግ..የ፣" ፊፍ ኢለ እናበኸኹ መለስኩላ።

"ተመሃራይ እንዲኻ ትጋገ እው። ምግጋይካ እንታይ ጸገም ኣለዎ?" ኩተህድኣኒ ኢላ ገጻ ኣሲራ ተዛረበት።

"ክስታ.... እኳ'ዩ...፣" ብኸመይ ከምዘሻግራ ሓርቢቱኒ ዘረባ ኣቋረጽኩ።

ኣደይ፥ "እንታይ እዩ ንሱ? ተመሃራይ ከይተጋገየ ኣይመሃርን እዩ። ኣጆኻ እዚ ወደይ ከይተሰከፍካ ንገረኒ፣" ክሳግራ ኣብ ገጸይ ውትፍ በለትኒ።

"እሞ ባባ እንተፈሊጡ ከጥፍኣኒ እዩ" ድኘን ድኘን በልኩ።

"ደሓን ኣይነግሮን እየ። ጥራሕ ንስኻ ንገረኒ፣"

"ናይ ብሓቂ ኣይትነግርዮን ኢኺ?" ገጸይ ኣፍክሰ ኣቢለ ጠመትኩዋ።

"ኣይነግሮን እየ። እቲ ዘኮንካዮ ጥራይ ንገረኒ፣"

"ተሰጕጕ፣" ዝዛ ቃል ብኽንደይ ሓይሊ ኣውጻእኩዋ።



"ተሰጕኻ!?" ማማ ሰንበደት። ነታ ቃል ብሰንባደ ደገመታ።

"እወ ተሰጕ፣" እናፈራህኩ ተዛረብኩ።

"እሂ እንታይ ገይርካ?" ገጻ ኣሲራ ሓተተትኒ።

"ንሓደ ... ተመሃራይ ከቕድሕ ተረኺበ፣" ዝዘን ቃላት ብሓይሊ ኣውጻእኩወን።

"እንታይ! ኣቕዲሐ ማለት? እንታይ ኣቕዲሕካ?" ኣደይ ሰንበደት።

"ፈተና፣" መለስኩላ ህድእ ኢለ። ጌጋይ ጽቡቕ ገይሩ ተረዲኡኒ ነበረ።

"ፈ..ተ..ና፣" ኣደይ ተገረመት። ጸኒሐ ኢላ፥

"ስለምንታይ? ፈተናዶ ይቕዳሕ እዩ?" ጌጋይ ዝተዋሕጠላ ኣይትመስልን።

"ተጋግየ። ሓደ ወዲ ክላሰይ ኣቕድሓኒ ኢሉኒስ ኣነ ድማ ደንጊጸሉስ ከቕድሖ ፈቲየ። ነታ መልሲ ዝሓዘት ወረቐት መምህር ምስ ረኸበታ ሰጕጓትና፣" እቲ ዘጓነፈ ከረድኣ ፈተንኩ።

ኣደይ ገሪምዋ ቀው ኢላ ጠመተትኒ።

ኣነ ድማ ጌጋይ ፈሊጠ ሰቕ በልኩ።

"ኣቤል ወደይ ካብ መዓስ ከምዚ ትገብር? ኣቦኻ ዘለና እምነት ዓቢ እዩ። ከምዚ ክትገብር ፈጺመ ኣይተጸበኹኻን፣" ኣደይ ርእሳ የማን ጸጋም እናንቀሳቐሰት ተዛረበት።

ብዝገበርኩዎ ንኣደይ ስለዘጉሃኹዋ መለሰ ሓዘንኩ።

"ማማ ተጋግየ እየ። ኣሕዚነኪ ምሽ፥ ድሕሪ ሕጂ ኣይደግምን እየ፣" ከህድኣ ሕቝፍ ኣበልኩዋ።

"ኣቤል ወደይ ከምዚ ዓይነት ተግባር ክትገብር ብፍጹም ኣይተጸበኹን። ስለምንታይ ከምዚ ዓይነት ውሳነ ወሲድካ?" ደጋጊማ ርእሳ የማን ጸጋም ኣንቀሳቐሰት።

"እቲ ወዲ ክፍለይ ኣጋግዩኒ። 'ሓዚን ስለዝነበረና ባዶ ከይወስድ ኣቕድሓኒ' ኢሉኒ። ኣነ ድማ ደንጊጸሉ። ብኸምዚ ድማ ክሕግዞ ሓሲበ፣" ተግባረይ እናሕፈረኒ ተዛረብኩ።

"ኣየ ኣቤል ወደይ! ሰኸም ተረኺብኩስ ክትሕግዞ ሓሲብካ፣" ናይ ሕርቃን ክምስ በለት።

"ሓቕኺ ማማ ሓብተይ ተጋግየ ምሽ ኢለኪ፣" ከይትሓምኒ ኣጸቢቐ ሓቖፍኩዋ።

"ሕራይ ኣቤል ወደይ፥ ጽባሕ ኣነ ክኸይደልካ እየ። ድሕሪ ሕጂ ግን ከምዚ ዓይነት ተግባር ክሰምዕ ኣይደልን እየ፣" ኣደይ ገጻ ኣሲራ መጠንቀቕታ ሃበትኒ።

"ማማ ሓብተይ ድሕሪ ሕጂ ከምዚ ዓይነት ተግባር ፈጺመ ኣይገብርን እየ። በዛ ሎሚ ዝገበርኩዋ ከመይ ሓሚመ ኣለኹ ባዕለይ እየ ዝፈልጦ። ኣብዚ ዓመት'ኳ ሎሚ መዓልቲ ጥራይ'የ ተምበርኪኸ። ኣብ ቅድሚ ተመሃሮ ምምብርኻኸይ ኣሕሚሙኒ እዩ ዘሎ። ድሕሪ ሕጂ ኣይደግምን እየ። ማማ ኣይትሓዝለይ፣" ንኣደይ ይቕረታ ሓተትኩ። ኣደይ ብተግባረይ ምሕማማ ሕማቕ ተሰምዓኒ።

"ሕራይ ኣቤል ወደይ እንታይ ደኣ ክገብር። ...ጽባሕ ሰዓት ክንደይ እየ ክመጽእ?"

"ልክዕ ሰዓት 9:30 ኣብ ግዜ ዕረፍቲ። ማማ ሓብተይ ንባባ ምሽ ኣይትነግርለይን ኢኺ?" ከረጋግጽ ደጊመ ሓተትኩዋ።

ማማ ክምስ በለት። ጸኒሐ ኢላ፥

"ባባኻ ምፍላጡ ኣሕሚሙካ?" ጠመተትኒ።

ይቕጽል....

## ኣብ እዋን መርመራ

ፍቱዋት ተመሃሮ ዝመጽእ ሰኑይ መርመራ ናይ ቀዳማይ ሰሚስተር እትጅምሩላ መዓልቲ እያ። ስለዝኾነ እትመጽእ ሰሙን ናይ መርመራ ሰሙን እያ። እቶም ብመደብ ዝተጉዓዝኩም መርመራ ከምዝይ ኩቡደኩም ርዱእ እዩ። እቶም ብመደብ ዘይተጉዓዝኩም ግን ከምእትሽገሩ ፍሉጥ እዩ። ኣብ ካልኣይ ሰሚስተር ካብ ናይ ቀዳማይ ሰሚስተር ንላዕሊ ክትጽዕሩ ተስፋ ንገብር። ናይ 40 መርመራ ብሓደ ግዜ እትወስድዎ ዝዓበየ ፈተና እዩ። እዚ ስለዝኾነ ድማ ዓቢ ጥንቃቐ ይሓትት። እምበኣር ንሎሚ ኣብ ናይ መርመራ ሰሙን ክትገብርዎ ዘለኩም ነጥብታት ኣዳሊና ኣለና'ሞ ሰናይ ንባብ!

= መርመራ ኣብ እትገብሩሉ ሰሙን መጽናዕቲ ኣጻፊፍኩም ክትቀርቡ ዝበለጸ እዩ። ብዙሓት ንፉዓት ተመሃሮ ኣብ ናይ መርመራ ሰሙን ኣየጽንዑን እዮም። ማለት ኣቐዲሞም መጽናዕቶም ስለዝውድኡ ኣብ ናይ መርመራ ሰሙን ተዛንዮም ንብርትዕ ዝበሉ ነጥብታት ኣድህቦ ይገብሩ። ስለዚ መጽናዕቲ ኣጻፊፍና ኣብዛ ሰሙን ክንዝክሮ ዝሓሸ እዩ። ኣብዛ ሰሙን ሽብድብድ ኣይትበሉ። ትምህርቲ ከይተዋህለለ መዓልታዊ ምጽናዕ ዝበለጸ እዩ። ኣብ ግዜ መርመራ ፈጺምኩም ኣይትፍርሁ። ርእሰ ተኣማማንነትኩም ኣዛይዱ። ብሰንኪ ፍርሒ ብዙሓት ተመሃሮ ቀለልቲ ሕቶታት ይጋገዩ እዮም። ስለዝኾነ መስተውዓልቲ ኩኑ።

= መርመራ ኣብ እትገብሩሉ መዓልቲ ኣንጊህኩም ተንስኡ። ገጽኩም ተሓጺብኩም ተዘኺኹም ቍረሱ። ሰዓት ከይኣኸለ እንከሎ ቀልጢፍኩም ኣብ ቤት ትምህርትኹም ብጽሑ።

= ናብ ቤት ትምህርቲ ቅድሚ ምኻድኩም፥ ርሳስ፥ መደምሰሲ፥ ቢሮ፥ መጽረቢ፥ መስመር፥ መሕሰቢ ወረቐት፥ ካልእ መምህራን ዝበሉኹም ሒዝኩም ከም ዘለኹም ኣረጋግጹ። ነዚ ምስ ኣረጋገጽኩም ናብ ቤት ትምህርትኹም ኪዱ። ንፉዓት ተመሃሮ ቀያር ናውቲ ትምህርቲ ይማልኡ እዮም። ስለዚ፥ ናውቲ ትምህርትኹም ብግቡእ ሒዝኩም ናብ ቤት ትምህርቲ ትኸዱ ምህላውኩም ኣረጋግጹ።



= መርመራ ቅድሚ ምጅማርኩም እቲ ዝተዋህበኩም ናይ መርመራ ወረቐት ክልተ ገጽ፥ ሰለስተ ገጽ ወይ ኣርባዕተ ገጽ ከምዘለዎ ኣረጋግጹ። መምህር ንዝህበኩም ሓበሬታ ጽን ኢልኩም ስምዑ። ዝወሃብ መኣረምታ መልሲ ናይ ምኻን ዓቢ ተኽእሎ ስለዘለዎ ዝወሃብ መኣረምታ ኣቕልቡሉ።

= መርመራ ቅድሚ ምጅማርኩም ስምኩም፥ ክፍልኹም፥ ቍጽርኹም ብግቡእ ጽሓፉ። እትጽሕፍዎ ጽሑፍ ተነባቢን ንጹርን ክኸውን ኣለዎ።

= ናይ ነፍሲ ወከፍ ዝወሃብ ዓይነት ሕቶ ሓበሬታ ብግቡእ ኣንብብዎ። ብሰንኪ ሓበሬታ ብግቡእ ዘይምንባብ ብዙሕ ነጥቢ ክትከስሩ ስለ እትኽእሉ ተጠንቂቕኩም ደጊምኩም ኣንብብዎ። ሓበሬታ ብግቡእ ተረድኡ።

= ንዘይተረዳእኩም ሕቶ ንመምህር ሕተቱ። ኣብ ናይ መርመራ ወረቐት ጌጋ ክህሉ ስለዝኽእል ከይተረዳኣኩም ኣይትስርሑ። ከይተሰከፍኩም ድማ ንመምህር ሕተቱ።

= ኣብ ግዜ መርመራ ዝበርተዓኩም ሕቶ ንጠርዎ። ንዝከጠርኩሞ ሕቶ ከይመለስኩም ከይትገድፍዎ ምልክት ግበሩሉ። ኣብ መወዳእታ ተመሊስኩም ስርሕዎ። ኣብ ዘይተረድኣኩም ወይ ዝበርተዓኩም ሕቶ ግዜኹም ኣይተጥፍኡ። ክትምልስዎ ብዘይከኣልኩም ሕቶ ከይትረበሹ ህድእ በሉ። ምግጋይ ሓጥያት ኣይኮነን። ተመሊስኩም ከም ዝሰራሕክምዎ ድማ ኣረጋግጹ።

= ክትቐድሑን ከተቕድሑን ፈጺምኩም ከይትሓስቡ። እዚ ድማ ኣብ ግዜ ፈተና ክርብሸኩም ስለዝኽእል ካብ ሱብ ክትቀድሑ ኣይትፈትኑ። ኣቕድሓና ንዝበለኩም ድማ ጸማም እዝኒ ሂብኩም ብዝዕባ ካልኦት ከይተገደስኩም መርመራኹም ስርሑ።

= ናይ መርመራ ወረቐትኩም ብጽሬት ሓዙ። ድምሳስ ኣይተብዝሑ። ድምሳስ እንተብዚሑ ክትቀድሑ ዝደማሰስኩም ስለ ዘምስሉ ድምሳስ ከይተብዝሑ ተጠንቀቑ።

= ምስ ወዳእኩም ደጊምኩም መርመራኹም ፈትሹ። ዘጠራጥረኩም ግዜ ሂብኩም ድገምዎ። ኣብ መወዳእታ፥ ዝቐረበ እትብልዎ መልሲ መልስዎ። ዝኾነ ሕቶ ከይመለስኩም ኣይትውጽኡ።

= ብዛዕባ ዝገበርኩምዎ ፈተና ፍጹም ኣይትሕተቱ። ብዛዕባ ዝገበርኩምዎ መርመራ ምሕታት፥ ገለ ዝተፈጸሙ ጌጋታት ምስ ዝህልውኩም፥ እቶም ጌጋታት ድማ ቀለልቲ ኮይኖም ምስ ዝሰምዕኹም ተስፋ ከቝርጸኹም ስለዝኽእሉ፣ መርመራ ክሳብ እትውድኡ ብዛዕባ ዝገበርኩምዎ መርመራ ፈጺምኩም ኣይትሕሰቡ። ብዛዕባ'ቲ ዝመጽእ መርመራ ጥራይ ወጥኑ። ዝሓለፈ ስለ ዘይምለስ ብዛዕባ ሕሉፍ ፈጺምኩም ኣይትሕሰቡ።

ኣብ መወዳእታ ነዘን ዝሃብናኩም ነጥብታት ኣብ ግምት ከተእትዉ ተስፋ እናገበርና ሰናይ መርመራ ይግበረልኩም። ንኹልኹም ተመሃሮ ድማ ዓወት ንምነየልኩም!!

ካርቱን | ዕላል ኣሌክ ምስ ሩት






ሓበን ተስፋሚካኤል

# ኣብ ምቁራጽ ኣልኮላዊ መስተ ምኽሪ እትህብ ኣፕሊኬይሽን

ብሰንኪ ወልፊ ኣልኮላዊ መስተ፡ ጸሉም ከብዶም ሓሚሞም ዝሞቱ ሰባት ብሚልዮናት ዝቑጸሩ እዮም። ኣልኮላዊ መስተ፡ ካብ ዓቐን ንላዕሊ ክዘውተር እንከሎ፡ ንኹሉ ከርናዓት ህይወትናዮ ብኣሉታ ዝጸልዎ። ግዳያት፡ ወልፊ ናይ ኣልኮላዊ መስተ ንምቁራጽ፡ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ብምክያድ፡ ንገዛእ ርእሶም ኣብ ጻዕቂ ዘለዎ ስራሕ ብምጽማድን ብኻልእ ነገራት ክዘናግዑ ብምፍታንን ዝተፈላለዩ ሜላታት'ዮም ዝጥቀሙ።

ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ዓዲ እንግሊዝ ኑቶም ብብዝሒ ኣልኮላዊ መስተ ዘዘውትሩ ሰባት፡ ንኸቋርጽዎ እትሕግዞም ኣፕሊኬይሽን ናይ ሞባይል ከም ዝመሃዙ ይሕብሩ።

እታ ኣፕሊኬይሽን 'ኣልኮቼንጅ'




ዝተሰመዐት ኩይና፡ ኣብ ምዕቡል ተሌፎን ምስ ጸዓንኪዩ፡ ምልእ ስዓታት ኩነታት ጥዕናኻ፡ ዓቐን እትሰትዮ መስተን ኢኻ እትሕብራ። ብድሕሪዚ፡ ኣልኮላዊ መስተ ንኸተቋርጽ ዘኽእለካ ምኽርን ሓገዝን ከተበርክተልካ ትጅምር።

ሓደ ካብ'ቶም ተጠቃሚ ናይ 'ኣልኮቼንጅ ኣፕሊኬይሽን' ሚስተር ማይክ ከምዚ ክብል ምስክርነቱ ይህብ - "ኣነ ግዙእ ኣልኮላዊ መስተ'የ ነይረ። ብሰንኪ'ዚ፡ ኣብ ውልቃውን ሞያውን ህይወተይ፡ ብዓቢኡ ከድምዕ ኣይከኣልኩን። ብዙይካ'ዚ፡ ካብ ብዝሒ ዝሰትዮ ኣልኮላዊ መስተ ዝተበገሰ፡ ብሕማም ጸሉም ከብዲ ተጠቒዐ። ብድሕሪ'ዚ፡ ነዛ ኣልኮቼንጅ ዝተባህለት እዋናዊት ቴክኖሎጂ ኣብ ሞባይለይ ምስ ጸዓንክዋ ግን፡ በቲ እትህበኒ ምኽርን ሓገዝን ተደጊፈ፡ በብቑሩብ ኣልኮላዊ መስተ ከቋርጾ በቒዐን ጥዕና ጸሉም ከብደይ እውን ተመሓይሹን" ይብል።

'ኣልኮቼንጅ'፡ ኣብ ውሽጣ ናይ ብዙሓት ሞያውያን ዕማም እተሰላስል ኣፕሊኬይሽን ብምዃና፡ ኣተባባዒ ወጽኢት ትህቦም ምህላዋ መሃዚ ናይ'ዛ ሓዳስ ቴክኖሎጂ ይገልጹ። ንሱ'ቶም ኣስዒቦም፡ እታ ኣፕሊኬይሽን ሓንሳብ ከም ሓኪም ኮይና ትመኽር፡ ቀጺላ ድማ ከም ክኢላ ስነ-ኣእምሮ፡ ከም ዓርኩመሓዙ ወለዲ፡ ኣማኻሪ ማሕበራዊን ሰብኣዊን ጉዳያትን ኣሉን ተራ እናሓዘት፡ ብጥቡብ ትመኽር ምዃና ኣረዲኦም። ኣብ መጻኢ ድማ ኣብ ብዙሕ መዳይ ናይ ህይወትና ክሕግዙና ዝኽእሉ ምስ ጥዕና ዝተሓሓዙ ኣፕሊኬይሽናት ክምህዙ ምዃኖም ሓቢሮም።

# ምጉራፍ ስኒ ምስ ጥዕና ኣእምሮ ይተኣሳሰር

ጽሬት ኣስናኑ ብግቡእ ክንክታተልን ዘሓሰኸ ስኒ ምስ ዝህልወና ብቐልጡፍ ከምልኣንዮ ዝግበኣና። ዘሓሰኸ ስኒ ክሳብ ሰሩ ምስ ዝበሰኽ፡ ዋላኳ ኣብ ሕክምና ኬድና ከምልኦ ዝከኣል ይኹን፡ መብዛሕትና ግን፡ ካብ'ቲ ግዝያዊ ቃንዛ ክንድሕን ብምባል ከነጉርፎ ኢና እንኸይድ።

ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ሙኒክ - ጀርመን፡ ኣስናንና ብብዝሒ ምስ እነጉርፍ፡ ተግንዛቦኣዊ ክፋል ኣእምሮና ብኣሉታ ከም ዝጽሎ'ዮም ዝሕብሩ ዘለው። እቶም ተመራመርቲ፡ ተግንዛቦኣዊ ክፋል ኣእምሮ ምስ ኣስናን ቀጥታዊ ምትሕሓዝ ስለዘለዎ፡ ጥዕና ኣስናንናን ኣእምሮናን ከም ዝጸላሎ'ዮም ዘበርህ። ንሱ'ቶም ኣስዒቦም፡ ዘሓሰኹ ኣስናን ንኸምልኡ ጻዕርታት ክቶፍድ'ምበር፡ ንኸነጉርፉ ጥራይ ክንወስን ከም ዘይብልና መኺሮም።

እቶም ተመራመርቲ፡ ዘሓሰኹ ኣስናን ከምልኦም እነሕልፎ ቃንዛ ንግዜኡ ምዃኑ ጠቒሶም፡ ተቐላጢፍና እንተደኣ ኣጉሪፍናዮ ግን ዕድመ እናወሰኽና ብዝኸደና፡ ተግንዛቦኣዊ ብቕዓት ኣእምሮና ብቐልጡፍ ከምዘጕድል እዮም ዝሕብሩ። ዘሓሰኹ ኣስናንና ከምልኡ ኣብ ዘይክእልሉ ደረጃ ከም ዝበጽሑን ክጉርፉ ከም ዘለዎምን ብሓኪይም ጥራይ ምስ ዝነገረና ክጕርፎም ከም ዝግባእ ድማ ኣረዲኦም። ድሕሪ ምጉራፍና ዓጸሚ ስኒ ምስ እነልግበሎም ከኣ፡ ምስ ምንዋሕ ግዜ ክመጽእ ካብ ዝኽእል ምጉዳል ብቕዓት ተግንዛቦኣዊ ክፋል ኣእምሮ ክንከላኸል ከም ዝሕግዘና ኣብ መወዳእታ ኣዘኻኺሮም።



# ኣብ ክንክን ኣእዳው ዝነጥፍ ሮበት

ደቂ-ኣንስትዮ፡ ተፈጥሮኣዊ ጽባቐኣን ንምሕላው፡ ኣብ ጽሬት፡ ምምልኻዕን ምጅብባቕን ኣካላተን ክገደሳ ግድን እዩ። ኑብኣ ዘይተልዕልን ጽሬት ክዓውንታ ብግቡእ ኣጽፈፉ ዘይትሉብሰን ምስ እትኾውን ግን፡ መልክዐን ስሓቢታን ክደወን ባህርያዊ እዩ። ዚ ንምውጋድ ከኣ፡ ብፍላይ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ክምዕርገን ክውቅባን ስለዘለወን፡ ዚ ክቐሓሉ ይግደዳ።

ሓደ ካብ'ቲ ደቂ-ኣንስትዮ ዝጥቀማሉ መመላኽዒታት ኣዝዮግልቶ እዩ። ኣብ ግዝኣን ኣብ እንዳ መሻጢትን ኣብ ናይ መመላኽዒን መጸብበቕን ቦታን ድማ፡ ባዕለን ከም'ኡ'ውን ብክኢላታት ስሩጽባቐ ጽፍሪ ኣዝዮግልቶ ይልክያ። እዚ ምዕባሉ እናወሰኸ ዝመጽእ ዘሎ ከስሞቲካዊ ንጥፈት፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ብሮቦት ክትግበረሉ ዝኽእል ደረጃ ተዓልዩ ኣሎ።

ተመራመርቲ ኩባንያ ቴክኖሎጂ ካሊፎርኒያ፡ ሮቦት ብሓገዝ ኣርተፊሻላዊ




ብልሒ ተጠቒሙ፡ ኣብ ክንክን ቁርበት ናይ ኣእዳውን ምልካይ ኣዝዮግልቶን ዝሰጥፍ ገይሮም ከም ዝማዕበልዎ ይሕብሩ ኣለው። እቲ ሮቦት፡ ካብ ሰብ ሓገዝ ከይተጸበየ፡ ዝተኣዘዞ ዓይነት ሕብሪ ኣዝዮግልቶ ዝለኪን ቁርበት ኣእዳው ዘጽርን ምዃኑ'ዩ ዝገለጹ።

እቲ ኣብ ምክንኻን ኣጻብዕቲ ዝሰጥፍ ስም ዘይተዋህቦ ሮቦት፡ ኣቓልቦ ብዙሓት ደቂ-ኣንስትዮ ስሒቡ ምህላዊ'ዩ ዝሕበር። ካብ'ተን ድሮ ዓሚዊል ናይ'ዚ ሮቦት ኩይነን ዘለዋ ደቂ-ኣንስትዮ፡ እቲ ሮቦት ኣብ ውሽጢ ውሑድ ደቓይቕ ቁርበት ኣእዳወን ብቕብኣት እናኣጽረየን ኣጽፋረን ኣዝዮግልቶ እናለኸየን ከጸብብቐን ዝኽእል ብምዃኑ፡ ብልሓቱ ማሲጡወን ከምዝነበሮ ሓቢረን።

እቲ ሮቦት፡ ንዘተዋህቦ ንጥፈት ብርትዓዊ ዋጋ ኣብ ውሑድ ደቓይቕ ቀልጢፉ ብጽሬትን ኣድማዕነትን ኣገባብ ስለዝዋፈ፡ ብዮምሞዊኡ እንትርፎ ደገፍ ጥርዓናት ከምዘጋጠሞ መሃዚኡ ይሕብር። ንሱ'ቶም፡ ኣብ መጻኢ ኣብ መመላኽዒን መጸብበቕን ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ዝሰጥፉ ሮቦት ኩዳልዉ ምዃኖም ይገልጹ።


# ናይ ምስትምቓር 'ህዋስ' ዘለዋ ኤሌክትሮኒካዊት መልሓስ

ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ጃፓን፡ ናይ ምስትምቓር ክእለት ዘለዋ ኤሌክትሮኒካዊት መልሓስ ምሂዞም ምህላዎም ሓቢሮም። እታ ከም ሰብ እተስተማቕር መልሓስ፡ ብዝተፈላለየ ኤሌክትሮኒካዊ ጫፍታት ዝቘመት ኩይና፡ ሽኮርን ዕረን ፈላልያ ሓበሬታ ከተመሓላልፍ ብቕዓት ከምዘለዋ መሃዚታ ኣፍሊጦም።

እቶም ተመራመርቲ፡ ቀዳማይ ሕጂ ምስ ካልኦት ክኢላታት ብምትሕብባር፡ ናይ ምሸታት ክእለት ዘለዋ ኤሌክትሮኒካዊት ኣፍንጫ ምሂዞም ምንባሮም ብምዝኽኻር፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ድማ ናይ ምስትምቓር ክእለት ዘለዋ ኤሌክትሮኒካዊት መልሓስ ምምሃዞም፡ ድርብ ሓጎስ ከምዝፈጠረሎም ገሊጾም።

"ዛ ኤሌክትሮኒካዊት መልሓስ ምስ መሃዝናያ፡ ዝተፈላለየ ዓይነት ነቢት ብምቕራብ ኢና ከተስተማቕሮ ኣዚዝናያ። ብድሕሪ'ዚ፡ ንፍሲ-ወከፍ ዓይነት ነቢት ፈላልያ ብምስትምቓር፡ ነቲ ልክዕ ጣዕሙ ብትኽክል ክትሕብረና ክኢላ። ነቲ ሓበሬታ ድማ፡ ብመገዲ ስልኪ-ኣልቦ ናብ ኮምፕዩተር ተመሓላሊፈልና ነይራ" ይብል ሓደ ካብ'ቶም መሃዚ ሚስተር ከም ጆን።

እታ ኤሌክትሮኒካዊት መልሓስ፡ ዛጊት ኣብ መስተ ደኣ'ምበር ንመቐረት ናይ ዝተፈላለየ መግብታት ክትፈልጥ ትጽገም ስለዘሎ፡ ኣብ መጻኢ ምትዕርራይ




ገይሮም ብዝረቐቐ ኣገባብ ከቕርብዋ ምዃኖም እቶም ተመራመርቲ ኣረዲኦም።

ህዋሳዊ ስምዒት ተገጢሙሎም ዝፈርዩ ዘለዉ ዓይነት ቴክኖሎጂ እናሰሉ ይመጽኡ ብምህላዎም፡ ኣብ ምቕላል መነባብሮን ስራሕን ሰባት፡ ሓጋዚ ኣበርክቶ ክህልዎም ትጽቢት ይግበር።

# 'መስምዒ ድምጺ ምዝውታር፡ ኣብ ኣእዛን ባክተርያ የባዝሕ' ተመራመርቲ

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ፡ ሓደ ካብ ወጽኢት ቴክኖሎጂ ኩይኑ ምዕባለኡን ተጠቃምነቱን እናገዘ ዝኸይድ ዘሎ መስምዒ ድምጺ እዩ። ኣብ እዋን ድቃስ፡ ኣብ እዋን ጉዕዞ ብእግሪ ብሞኪና፡ ብሓራት ወዘተ ከም ብሉቱዝ ዋየርለስ በትስ ሄድፎን ዝኣመሰሉ መስምዒ ድምጺ ተጠቒምና ኢና መዚቃ እንሰምዕ። መስምዒ ድምጺ፡ ብዘለዎ ልዑል



ተጠላቢነት፡ ብዓይነቱን ኣቀራርባኡን እናተፈላለየ'ዩ ዝዳሎ ዘሎ። መዓልታዊ እነዘውትሮ ምስ እንኸውን ግን፡ ኣሉታዊ ሳዕቤን ከም ዘኸትለልና'የም ተመራመርቲ ዘጠንቅቑ ዘለው።

ኣብ'ዚ ኣተኩሮም መጽናዕቲ ዘካየዱ ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ማኒፓል - ህንዲ፡ መስምዒ ድምጺ ብቐጻሊ ምዝውታር፡ ኣብ ኣእዛን ባክተርያ ከም ዘባዝሕ'የም ዝሕብሩ።

እቶም ተመራመርቲ፡ መስምዒ ድምጺ ብዘይ ምቁራጽ እነዘውትር ምስ እንኸውን፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ኣእዛንና ጌርናዮ ምስ እንሓድሮን ኣብ መገዲ ብዘይ ብእኡ ምስ ዘይንንቀሳቐስ ኣብ ኣእዛንና ጠንቂ ምፍራይ 'ስታፊሎኮከስ' (Staphylococcus) ዓይነት ባክተርያ ከምዝኸውን ኣረዲኦም። ንሱ'ቶም ኣስዒቦም፡ ብዝሒ ናይ'ቶም ባክተርያ ብቐጻሪ እናወሰኸ ምስ ዝኸይድ፡ ክሳብ ረኽሲ እዝኒ ከስዕበልና ከም ዝኽእል ኣገንዚቦም።

ሓንቲ ካብ'ቶም ተመራመርቲ ዶ/ር ካያ ቲላክ፡ "መስምዒ ድምጺ ኣዘውቲሮም ዝጥቀሙ ሰባት፡ ኣብ ውሽጢ ኣእዛኖም ቅብኣትን ዝተቐራረፈ ቀሳልን ዘለዎም ኩይኖም፡ ሕብሪ ኣእዛኖም'ውን እናጸለመ'ዩ ዝኸይድ። እቲ ምቅርራፍ ቁርበትን ቅብኣት ናይ ኣእዛኖምን ከም'ኡ'ውን ብሰንኪ እቲ መስምዒ ድምጺ ዝፍጠር ሙቐት፡ ኑቶም ባክተርያ መመለሶም ክብዝሑ ምቹእ ባይታ'ዩ ዝፈጥረሎም" ብምባል ተብርሀ።

መስምዒ ድምጺ፡ ኣገዳሲ ቴክኖሎጂ'ኳ እንተኾነ፡ ኣብ ኣጠቓቕማኡ ግና ክንጥንቀቐን ሓፈሻዊ ጥዕና ኣእዛንና ብዘይጉድእ ኣገባብ ክኸውንን ከም ዘለዎ፡ እቶም ተመራመርቲ መኺሮም።

# ንቑሕ ደበና

ሄለን መኸታ

## ምድህላል ናይ ስምዒት ህዋሳት

ነጥሕን ኣይነጥሕን እንዳ ጠሓኒት እንተ ኣቲና ሓሩጭ ምጽያቕና ኣይተርፍን። ሓበሬታ ኸኣ ንሓንጐልና ከምኡ እዩ። ይረዳኣና ኣይረዳኣና፡ ሓደ ሓበሬታ በዞም ንፈልጦም ናይ ስምዒት ህዋሳትና ሓንሳእ እንተ ኣትዩ፡ ኣብ ሓሳብና፡ ልምድና፡ ተመኩሮናን ባህርያትና ጽልዋ ክፈጥር ግድን እዩ። ኣብ ሓደ መጽናዕቲ፡ ኣብ ክልተ ጉጅለታት እተመቕሉ ሰብ፡ ኣብ በበይኑ ክፍሊ ብምእታው፡ ሓደ ሓጺር ፊልም ከም ዝዕዘቡ ተገብረ። ፊልም ርእዮም ወዲኦም ካብቲ ናይ መርመራ ክፍልታት ወጽኡ። ኣብ ኣፍደገ ናይቲ ዝጸንሕዎ ናይ መርመራ ክፍሊ፡ ዝተፈላለየ ፍሩታት ተቐረበሎም እሞ ዝመረጽዎ ክበልዑ ከም ዝኽእሉ ተሓበሩ። እቶም ሓደ ጉጀለ ካብቲ ተቐሪቡ ዝነበረ ዝተፈላለየ ፍሩታ፡ መመሪጾም በበይኑ ፍሩታታት ወሰዱ። እቶም ኣብ ካልኣይ ጉጅለ ዝነበሩ ግን፡ ካብቲ ፍሩታታት ዝመልአ ጣውላ፡ ዝበዝሑ ባናና ኣልዒሎም በልዑ። እዞም ካልኣይ ጉጅለ፡ ባናና ፈልዮም መምረጺኦም ምኽንያት ተሓተቱ። ገሊኦም ባናና ስለ ንፈቱ ኢሎም፣ እቶም ዝበዝሑ ግን ምርጭኦም ምስ ምንታይ ከም ዝተሓሓዝ ስለዘይተረደኦም "ወዝቢ"ን "እንድዒ"ን ዝብል ምላሽ ሃቡ። ነዚ ፈተነ ዘይካየዱ ተመራመርቲ፡ ኣባላት እታ ካልኣይቲ ጉጅለ፡ ብብዝሒ ባናና ዘምረጾም ጠንቂ እንታይ ምዃኑ ድሮ ፈሊጠሞ ነበሩ። እዞም ክልተ ጉጀለታት ሓደ ዓይነት ሓጺር ፊልም ዝረኣዩ ደኣ ክመስሎም ጸኒሑ እምበር፡ ኣብታ ካልኣይቲ ጉጅለ ዝረኣየታ ፊልም፡ ሓንቲ ናይ ማይኮሮ ሰከንድ ዝንውሓታ ናይ ባናና ስእሊ ተወሲኻታ ነይራ። ካልኣይቲ ጉጅለ ነታ ሓጻር ፊልም ደጋጊሞም ክርእይዋ ዋላ ይፈቕደሎም፡ ነታ ናይ ባናና ስእሊ ፍጹም ከስተብህሉላ ኣይከኣሉ። እዛ ናይ ማይክሮ ሰከንድ ስእሊ፡ ዓይኖም ርእይዋ፡ ሓንጐሎም'ውን መዝጊብዋ እዩ፣ ግን ኣብ ቀልቦም ኣይበጽሐትን። እዛ ከም በርቂ ብልጭ ጥራይ ዝበለት ስእሊ፡ ዋላ'ኳ እንተ ዘይኣስተብሃሉላ ብውሽጢ ግን ስራሓ ሰሪሓ እያ። ንሶም ብዘይ ርድኢዎ ኣገባብ ኣብ ውሳኔታቶም ብምእታው፡ ሓደ ግሁድ ዝኾነ ለውጢ ኣኸሲታ። "እዛ ከነስተውዕለላ ዘይንኽእል ናይ ማይክሮ ሰከንድ ስእሊ፡ ክንድ'ዚ ጽልዋ እንተ ሃልይዋ፡ ካልእ ደኣ እንታይ ይገብረና ኣሎ?" ዶ ኢላና?

ናይ ስምዒት ህዋሳትና ኣይሕሰዉን እዮም። በብዝተዓደሎም ተፈጥሮኣዊ ዕዮ፡ ንምንባርና ኣገዳሲ ዝኾነ ሓበሬታ ንሓንጐልና ይምግብዎ። ናይዞም ህዋሳት ስራሕ፡ ኣብ ኩሉ ሰብ ሓደ እዩ፤ ማለት ዓይኒ ስእላዊ ዝኾነ ሓበሬታ ትእክብ፣ እዝኒ ኸኣ ድማጻዊ ዝኾነ ትእክብ። እቲ ፍልልያት ኣብቲ ድሒሩ ዝመጽእ ናይ ትንታነ ኣገባብ'ዩ ዝመጽእ።



ኩሎም ናይ ስምዒት ህዋሳትና ነናቶም ኣገባብ ኣተኣኻኽባ ሓበሬታ ኣለዎ። ምናልባት ሓደ ህዋስ ምስ ዝጉዳእ እቲ ዝተረፈ ህዋስ ዝያዳ ዕማማ ብምትግባር ነቲ ሃንፍ ክሽፍን ይፍትን እምበር፡ ነንሕድሕዶም ኣይተኻኸኡን እዮም። ኣብ ገሊኡ ግዜ "ልቢ እዩ ዝርኢ" ክበሃል ሰሚዕና ንኸውን ኢና። ቁልዓ ከለኹ ትገርመኒ ዝነበረት ዘረባ እያ፡ "ልብና እዚ ኩሉ ክዳውንትና ሓሊፉ ከመይ ጌሩ እያ ትርኢ?" እብል ነይረ። ቁልዓ ምኻን ጥዑም! እዚ ኣበሃህላ ነቲ 'ዓይኒ ምርኣይ ጥራይ ትርጉም የብሉን፣ ኣእምሮ እንተ ዘይኣቕበሉ እቲ ሰብ ዳርጋ ከም ዘይረኣየ'ዩ' ንምባል እዩ። ኣብዚ ቅልጡፍ ዓለም፡ ብዘይ ምስትብሃልና ኣብ ውሳነታትና ክንዲ ምንታይ ንደናገፀ ኣለና? መልሱ ኣመና ዘፍርሕ እዩ።

ኣብዚ ዘመን ሓደ ካብቲ ብልዑል ጥበብ ዝሰረሓሉ ዘሎ ኣገባብ ምብህሃል፡ ብመወዳውዲታት ጌርካ መልእኽትኻ ምትሕላፍ እዩ። እዚ እቲ ግሩህ መግለጺ ናይ መወዓውዒ ክኸውን ከሎ፡ እቲ ቀንዲ ስርሑ ግን ህዋሳትና ብምዕዋን ንሶም እምበር ንሕና ንደልዮ ከም ዘይንውሰን ምግባር እዩ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ናይ መወዓውዒ ትካል፡ ናይ ስነ-ኣእምሮ ክኢላ ወይ ክኢላታት ይቖጻሩ። እዚኣቶም ባህርያትን ኣተሓሳስባን ሰባት ብምጽናዕ፡ ሰባት ከዳህልለሉ ዝኽእሉ ሓሳባት ምቕራብ'ዩ ስርሖም። ቀዳማይ ዕላማ ዝኾውን ከኣ 'ናይ ስምዒት ህዋሳት ደቂ ሰብ' እዩ። ባህልን እምነትን ሕብረተሰብ'ውን ድሒሩ ኣብ ግምት ይኣቱ እዩ። እንተኾነ፡ ባህሊ ወይ እምነት ኣብ ሕብረተሰብ ሰረት ስለዘለዎ ኩ-ዳህልልሉ ይኽብድ እዩ። ብተወሳኺ፡ ሕብረተሰብ ሕብረት እንተ'ለዎ፡ ካብ መአዘኑ ከተንቀሳቕሶ ዝያዳ ጥበብ ስለዝድሊ ዓቢ ባጀት የድልዮ። ብውልቂ ምስ ዝኸውን ግን ደጋዊ ተጽውሞታት ስለዘየጋንፎ፡ ዝቐለለ ይገብሮ። ስለዝኾነ ኸኣ እዩ ጥበብ ምድህላል ናይ ስምዒት ህዋሳት፡ ዝያዳ ኣብቲዎም ውልቃውነት ዘዋቶዖም ሕብረተሰብ ብብዝሒ ንርእዮ።

እዚ ተርእዮ ኣብቶም ሓድነት ዘለዎም ሕብረተሰብ የለን ማለት ግን ኣይኮነን። ሓድነት ዘለዎ ሕብረተሰብ ናይ ምብህሃል ባህሊ ኣለዎ። እዚ ተርእዮ ኣብቲ ናይ ምብህሃል መኣዲ ምስ ተላዕለ፡ ገለ ኣካላት ከማእዝንዎ ይኽእሉ'ሞ፡ ነቲ ዝመጽእ ሓድሽ ባህርያት ጠንቂ ክኣልዩዎ ተኽእሎ ኣሎ። ሓሓሊፉ ዝረአ ከም ኣብ ኣልባሳት ዝጸንሕ ጽሑፋትን ቅዲ ክዳውንትን ምስ ዘይምፍላዋ ዘይከነ ምስ ሸለልትነት ክንምድቦም ዝኻኣለ ይመስለኒ። ምኽንያቱ ብደረጃ ስድራቤት ኣብ ዝተደኩነ ሕብረተሰብ፡ ነዚ ዘይፈልጥዎ ኣባል ኣሎ ክበሃል ኣጋጣሚ ስለዘኾኑ። እቲ ብቕሉዕ ዝኸሰስ ጽልዋ ዘለዎ እምበኣር ክዚ ናይ ማይክሮ ሰከድን ስእሊ ባናና ኣብነት እዩ። ካልኣይ ከኣ ካብ ምሕር ምድግጋም ከም ንቡር ዝወሰድናዮ ሸርሕታትን እዮም።

ምድህላል ናይ ስምዒት ህዋሳት፡ ብዝተፈላለየ ብልሓት ኣቢልካ ንተመኩሮ ናይ ስምዒት ህዋሳት ውልቀሰብ ምቕያር እዩ። እዚ ንናይ ስምዒት ህዋሳት ፍሉይ መነቓቕሒ ብምፍጣር ወይ ከባብያዊ ምቅይያራት ብምግባር ክካየድ ይኽእል። ናይ ነፍሲ ወከፍ ናይ ስምዒት ህዋስ ከነዳህልል ወይ ድሌትና ክንቀያይር ንኽእለሉ ኣገባብ ኣሎ። እዚ ኸኣ ምስ ርእየት (visual)፡ ድምጺ (audio)፡ ሽተታዊ (olfactor)፡ ምድህሳስን (tactlie) ምስትምቓርን (gustatory) ዝተኣሳሰር ነናቱ ጥበባት ምድህላል ኣሎ። ገለ ኣብነት ናይ ምርኣይ ህዋስና ምድህላል ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ኣሎ። ኣብ ምድህላል ናይ ድምጺ ህዋስና ዝተኻየደ ካልእ መጽናዕቲ'ውን ኣሎ። ክልተ ጉጅለ ሓንቲ ዓይነት ሓጻር ፊልም ክርእዩ ተቐሪበሎም። እዛ ሓጻር ፊልም ሓደ ትሕዝቶ ተንቀሳቓሲ ስእሊ ኣለዋ። ኣብታ ፊልም ሓንቲ ጓልን ሓደ ወድን ኣለዉ፣ እቲ ወዲ ነታ ጓል ሓንቲ ደብዳቤ ሂቡ ተፈልዩዋ ይኸይድ። ክልተኦን ፊልምታት ሓደ ዓይነት ናይ ተዋስኦ ስእላን ዘረባ ኣልቦ ምንቅስቓስን ጥራይ ነይረወን። ኣብዘን ክልተ ሓጻርቲ ፊልም ዝነበረ ፍልልይ ኣሰር ድምጺ ጥራይ'ዩ ነይሩ፤ ንኽልተአን በበይኑ ኣሰር ድምጺ (sound track) ነይርወን። እታ ሓንቲ ንምስዕሳዕ ዝዕድም ናይ ምዝንጋዕ ኣሰር ድምጺ ክህልዋ ከሎ፡ እታ ካልኣይቲ ኸኣ ዘሰቁርቑር ክትብኪ ዝዕድም ኣሰር ድምጺ ነበራ። ነናቶም ሓጺር ፊልም ዝረኣዩ ክልተ ጉጅለ፡ ነተን ዝረኣይወን ፊልምታት ነናቶም መብርሂ ማለት፤ እተን ፊልምታት ብዛዕባ እንታይ ነይረን? እታ ደብዳበኸ እንታይ ኮን ትብል ትኸውን? ዝተሰምዖም ክነግሩ ተሓተቱ። ክልቲኦን ዋላ'ኳ ሓደ ዓይነት ናይ ተንቀሳቓሲ ስእሊ (ተዋስኦ) ትሕዝቶ ይንበረን፡ ሰሪ ዝነበረን ኣሰር ድምጺ እታ ሓንቲ ጉጅለ ዘሕጉስ ዛንታ፡ እታ ካልኣይቲ ጉጅለ ኸኣ ተሕዝን ዛንታ ኮይኑ ከም ዝተሰመዖም ገሊጾም። እታ ደብዳቤ ኸኣ ብመንጽሩ፡ እታ ሓንቲ ዘሕጉስ ዜና፡ ናይ ፍቕሪ ደብዳቤ፡ ደሃይ ናይ ኣፍቃሪን ካልእን ትሕዝቶ ዝሓዘት ኮይና ትስመዖ ክብሉ ከለዉ፣ እታ ካልኣይቲ ግን ናይ ሓዘን ወይ ምፍላይ ትሕዝቶ ዘለዎ ኮይና ከም ዝተሰምዖቶም ገሊጾም።

ኣብ ምሕር ዝውቱር ምዃኑ ዘይንሓትሉ ካልእ ተርእዮ፡ ምድህላል ብሽቱታት እዩ። ንኣብነት ናይ ቤት መግቢ ዝቐረበ ሽሓኒታት ስለምንታይ ጸዕዳ ክኸውን ይምረጽ ሓሲብና ዶ ንፈልጥ? ኣነ ምስ ጽሬት ዝተሓሓዘ እዩ ዝመሰለኒ ነይሩ። እቲ ምስጢር ግን ምስ ሸውሃት ስለ ዝተኣሓሓዝ'ዩ። ተመራመርቲ ናይዚ ዓውዲ፡ "ጻዕዳ ዝያዳ ካልእ ሕብሪ ብብዝሒ ክንበልዕ ዝድርኽ ጽልዋ ኣለዎ፡" ይብሉ። ጻዕዳ ብያተ ነቲ ዝቐረበ መግቢ ኣጉሊሑ ብምውጻእ ንምርኣዩ



መሳጢ ይገብሮ'ሞ ክትብልዕ ዘህርፍ ይኸውን። ስለዚ ብዙሕ ዓቐን መግቢ ክንበልዕ ድላይ እንተ ዘብልና ሕብራዊ መብልዒ እንተ ተጠቐምና ተመራጺ። ኣብዚ ዘመን ተክኖሎጂ ዝተማህዘ ኮምፕዩተር ዝፈጠሮ ብፍሉይ መሳርሒ ጥራይ ዝረአ ምስሊ (virtual reality) ከኣ ነዚ ናይ ስምዒት ህዋሳት ምልውዋጥ፡ ናብ ዝለዓለ ጥርዚ ኣብጺሕዎ ይርከብ። ብ3D ዝተሰርሓ ፊልምታት ዝያዳ ካብ ካልእ (2D) ዝተሳእሉ ፊልምታት ህያው ኮይነን ይስምዓኻ። ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ ኣብ "ዜና ኒውሮሳይንስ" ዝወጽአ ውጺኢት ምርምር፡ ዝኾነ ምቅይያራት ኩነታት ኣየር ኣብ ዘይብሉ ንቶም ኣብ ምርምር ዝርከቡ ሰባት፡ ብ"ቨርችዋል ሪያሊቲ" ዝሑል ኣየርን ብርሃንን ከም ዝርእዩ ብምግባር፡ ናይ ቍሪ ስምዒታት ከም ዝሰምዖ ኣረጋጊጾም ኣለዉ። እዞም ኣብ ምርምር ዝነበሩ ሰባት ኣብ ሓደ ሚዛናዊ ምቕት ዝነበሮ ክፍሊ እዮም ነይሮም። በቲ ተክኖሎጂያዊ መሳርሒ ዝረኣይዎ ግን ቀርበቶም ቍሪ ክስምዖ ጀመረ። ካልእ'ውን ንምድቃስ ዝሕግዙ ናይ ዝሃርም ዝናብ ድምጺ ዘለዎ ኣፕሊኬሽናት ኣለዉ። እዞም ኣፕሊኬሽናት ምስ እንሰምዕ፡ ልክዕ ማይ ከም ዝሃርም ዘሎ ነብስና ቍሪ ቍሪ የብላና።

ከምዚ ዝመስለ ጽልዋ፡ ብፍላይ ኣብ ቆልዑ ከኸትሎ ዝኽእል ሳዕቤን ዝተዓጸፈ እዩ። ፍሉጥ ተመራማሪ ባንዱራ፡ ኣብ ስነ-ሓሳብ ማሕበራዊ ትምህርቲ (theory of social learning) ብ"ቦቦ ባንቡላ" ዝፍለጥ ምርምር ኣካይዱ ነይሩ። ኣብቲ ምርምር፡ ቆልዑ ካብ ዓበይቲ ንሓዕሊ ብምርኣይ ወይ'ውን ብናይ ስምዒት ህዋሳት ከም ዝመሃሩ ይገልጽ። ንሱ ኣብ መጽናዕቱ ክልተ ጉጅለ ቆልዑ ኣብ በበይኑ ክልተ ክፍሊ ከሪሎም። ነቶም ሓደ ጉጅለ፡ ቆልዑን ባንቡላን ዘለዎ ግን ዝኾነ ጎንጺ ዘይብሉ ቪድዮ ከም ዝዕዘቡ ተገብረ። እቶም ካልኣይ ጉጅለ ኸኣ፡ ቆልዑ ንባንቡላ ክሃርሙ ዘርኢ ቪድዮ ከም ዝዕዘቡ ተገብረ። ናይቲ ዝተዓዘብዎ ጽልዋ ንምርኣይ፡ ንኹሎም ቆልዑ (ናይ ክልተኡ ጉጅለታት) ተመሳሳሊ ባምቡላ ተዋሂቡ። እቶም ጎንጽ ዘይረኣዩ ቆልዑ ዝኾነ ናይ ጎንጽ ምልክታት ኣይተራእዮምን። እቶም ካልኣይ ጉጅለ ግን ንኽትርእዮን ክትገልጾን ዘሰንብድ፡ በብዓይነቱ ተዓጻጺፉ ዓቐን ጎንጽ ኣንጸባሪቖም።

እዚ ጥበብን መሳርሕን ምድህላል ናይ ስምዒት ህዋሳት፡ ኣብ እወታዊ ጥቕሚ ደቂ ሰብ ክውዕል ከሎ ዘይተኣደነ ስነ-ኣእምሮኣዊ ጸገማት ኣብ ምፍታሕን ምቕላልን ዓቢ ተራ ኣለዎ። እንተኾነ ኣብ ኢድ እቶም ናይ ውልቀም መኸሰቢ ጥራይ ዝሓስቡ ሽቃጦን ሞያዊ ስነ-ምግባር ዘይብሎም ቀለም ቀመስን ክወድቕ ከሎ ግን ሓደገኛ ስለዝኾነ ኣስተብህሉ የድሊ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

# VACANCYANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

**1.Position: Air Conditioning Technician**
**Department: Engineering Services/ Owner Construction**
**Number Required: One (01)**
**Contract Type: Fixed Term (For 07 months)**

**Primary Purpose**

- The primary purpose of hiring an Air Conditioning (AC) artisan, often referred to as an HVAC (Heating, Ventilation, and Air Conditioning) technician, is to ensure the effective installation, maintenance, and repair of HVAC systems.

**Essential Functions**

Installation of HVAC Systems:

- AC artisans are responsible for the proper installation of air conditioning systems. This includes setting up the equipment, connecting components, and ensuring that the system functions efficiently.

Maintenance for Optimal Performance:

- Regular maintenance is crucial for the optimal performance of AC systems. AC artisans conduct routine inspections, clean components, replace filters, and address minor issues to prevent breakdowns.

Repair and Troubleshooting:

- AC artisans diagnose and repair malfunctions in air conditioning systems. This includes fixing or replacing faulty components, addressing refrigerant issues, and resolving electrical problems.

Refrigerant Handling and Compliance:

- AC artisans handle refrigerants responsibly, adhering to environmental regulations and safety standards. They charge and recover refrigerants during installation, maintenance, or repairs.

Comfort and employee Satisfaction:

- A well-functioning AC system contributes to the comfort of employees in residential, offices and working areas. Hiring AC artisans ensures that the indoor environment remains comfortable, fostering employee's satisfaction and productivity.

Compliance with Regulations:

- AC artisans are knowledgeable about local building codes, environmental regulations, and safety standards. Hiring professionals ensures that AC installations and maintenance comply with regulatory requirements.

Equipment Longevity:

- AC artisans contribute to the longevity of AC equipment by conducting regular maintenance and addressing issues promptly. This helps to maximize the lifespan.

**Main Functions**

- Planning.
- Implementation.
- Reporting.

**Qualifications:**

- Technical College Electrical/Mechanical Diploma.
- Technical College HVAC diploma.

**Knowledge and Experience:**

- 3 - 5 years relevant experience.

**Unique requirements / other information**

- Candidate employment age 55 years maximum.
- Candidate must be physically and medically fit for work.
- Candidate must be able to recognize coloring of electrical conductors (Visually not Color blind).
- Must be able to work outside exposed to Heat, wind and dusty environments.
- Must be able to walk far distances to attend to Air conditioners in Housing or plant Complex.
- Must be able to work at Heights.
- Must be able to interpret electrical schematics and be electrically qualified up to 380Vac 3 phase.

**Position: Senior Database and Application Engineer**
**Department: FITS/IT**
**Number Required: One (01)**

**Primary Purpose**

- The Senior Database and Application Engineer position involves leading the design, implementation, and optimization of database systems and software applications. This role focuses on ensuring seamless integration, high performance, and data security. Additionally, it requires leadership in project management, mentoring team members, and maintaining documentation while staying updated on industry trends for continuous improvement.

**Essential Functions**

- Provide leadership, mentorship, and foster collaboration within the team.
- Lead projects, define scopes, timelines, and collaborate with cross-functional teams.
- Enforce security measures for databases and applications, staying updated on potential threats.
- Create and maintain comprehensive documentation for databases, applications, and processes.
- Work closely with business and IT stakeholders, ensuring effective communication.
- Stay current with industry trends, upgrade skills, and bring innovative solutions to enhance system performance.

**Main Functions**

- Database Management: Design, implement, and safeguard databases, ensuring optimal performance and data integrity.
- Application Development: Create and integrate software applications with a focus on performance and scalability.
- System Integration: Seamlessly connect databases with other systems and applications, facilitating efficient data exchange.
- Performance Optimization: Monitor and enhance system efficiency, conducting regular tuning for databases and applications.
- Data Modeling: Develop database schemas aligned with business requirements and collaborate on defining data needs.
- Backup and Recovery: Implement robust backup strategies, regularly test recovery procedures, and ensure data restoration capabilities.

**Qualifications:**

- Degree in Computer Engineering or Computer Science
- Database and Application related certifications.

**Knowledge and Experience:**

- Degree in Computer Engineering or Computer Science
- 7+ years of experience engineering, administering, and managing multiple relational database flavors (e.g., Oracle, MySQL. SQL Server, PostgreSQL) Familiarity with at least one compiled language (Java, C, C++)
- 7+ years of application development and implementation experience and Knowledge and understanding of Systems Development Lifecycle (SDLC).
- Standard diagramming techniques to design and develop computer data models and Experience with Data models and Performance tuning.
- Database Benchmarking (Threshold Forecasting, Sizing, Capacity Planning, Trend/ Predictive Analysis, Testing, and recovery planning in Enterprise Class environments).
- Capable of managing complex reconfigurations, work-around, changing operating procedures, producing additional documentation, or escalating requests to systems developers.
- Experience in application security and database administration of commercial wide.
- Working knowledge in LAN/WAN Network administration and Network security.

**Unique requirements / other information**

- Candidate must be physically and mentally fit for the position.
- Demonstrate advanced skills in SQL for effective data manipulation and database management.
- Exhibit the ability to analyze, troubleshoot, and provide solutions for bugs in database applications.
- Capable of building and maintaining complex, mission-critical production database systems.
- Possess the ability to analyze issues comprehensively, from the application tier through the database to storage.
- Working knowledge of relational database internals, including locking, consistency, serialization, and recovery paths.
- Proficient coding skills in the procedural language for at least one database engine (PL/ SQL, T-SQL, etc.).
- Working knowledge of at least one scripting language (PowerShell, Python, PHP).
- Familiarity with web application development principles.
- Proficient in managing Windows servers at an advanced level.
- Advanced skills in managing VMware Datacenter and storage technologies (HP 3par, NAS, SAN).
- Advanced working knowledge of LAN/WAN network administration and network security.
- Strong planning, coordination, and leadership skills, with the ability to manage projects effectively.
- Demonstrates initiative to address issues with energy and determination to get things done.
- Able to work effectively in a stressful environment.

**General Information and other requirements:**

- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Indefinite**
- **Place of work: Bisha**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**
- **Address: Please mail your applications to.**
  **Bisha Mining Share Company,**
  **P. O. Box 4276**
  **Asmara, Eritrea**
- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **1.Aliens Employment permits Affairs,**
  **P. O. Box 7940**
  **Asmara, Eritrea.**
  **2.Mineral Resources Management**
  **P. O. Box 272**
  **Asmara, Eritrea**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ኣብ መንጎ ይግባይ በሃልቲ ኣቶ ተኽሊት የማን 2. ኣቶ መድሃኔ ፍስሃየ 3. ኣቶ ማቲያስ ካህይ 4. ኣቶ ሄኖክ በርሀትን ወዘ. መልሲ. ኣቶ ታደሰ ዑቕባዝጊ ገ/ስላሴን ኣብ ዘሎ ክርክር ይግባዪ ወዘ. መልሲ. ን1/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ስምረት ገብራይ በርሀ ምግልጋሪ ተረፉ ስምረት ገብረህይወት በርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን31/1/24 ኣብ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቕረብ።

ብምምሕዛት ቀፃሉ ናእሚ እስቲፋኖስ ብርሃ ምግልጋሪ ተረፉ ናእሚ ኣስቲፋኖስ ኣብርሃም ከምኡ'ውን ስም ኣደይ ሃይለ ምግልጋሪ ተረፉ የርሳሌም ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን2/2/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ፍናን ሰመረ ገብረገርግሽ ምግልጋሪ ተረፉ ፍናን ሰመረኣብ ገብረመድህን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን30/1/24 ኣብ 1ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ኣለም ተወልደ ምግልጋሪ ተረፉ የሲፍ ኣይንኣለም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን30/1/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ኣቶ ሃብቶም ብኢደ ነጋረኣብ ምግልጋሪ ተረፉ ሃብቶም ብኢደ ገረማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን18/1/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ይቕረብ።

1. ተኸሳሲ. መ/ፈ/ተቓውም ከቐርብ ን24/1/24 2. ኣቶ ኣፈወርቂ ደሴ ኣየለ ወራሲ. ነፍ/ኣቶ ታረቕ ገሰው ገብረተኽለ ንምርካብ ፋይል ክሲ. ካብ ኣቶ ኣብርሃ ወልደማርያም ቀሪቡልካ ስለዘሎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/1/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ከሰስቲ ወረ/ነ/ሄር ደጊዮት በራኺ. ሀብትዝጊ ተጻዋዕቲ ወረ/ፍ/ሄር መንግስትኣብ በራኺ ኣብ መንጎ ኣመልካትን ተጻዋዕትን ዘሎ ናይ ውርሻ ተቓውሞ ክርክር ወረስቲ ተጻዋዒ ኣድራሻኦም ስለ ዘይተፈልጠ ብጋዜጣ ተጻዊዖም ን1/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ። እንተዘይቀሪቦም ጉዳዮም ኣብዘየለውሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ትዕበ ሃብተ እምባዩ ስም ኣደይ ወ/ሮ ቅዱሳን ተወልደመድህን ምግልጋሪ ተረፉ ወ/ሮ ኣብርሀት ተወልደብርሃን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን18/1/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ይቕረብ።

ወ/ሮ ገነት ነጋሲ ገብረህይወት ስም ኣደይ ለተናፋኤል ገብረኣብ ምግልጋሪ ተረፉ ለተናፋኤል ገብረትንሳኤ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን1/2/24 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቕረብ።

መብራት ኣርኣያ ሃይለ ምግልጋሪ ተረፉ ምብራቕ ኣርኣያ ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን30/1/24 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቕረብ።

ለተብርሃን ገርግሽ ሃብተ ምግልጋሪ ተረፉ ለተኺዳን በየነ ሃይለገርግሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን17/1/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ይቕረብ።

ተኸሰስቲ ወረ/ፍ ለተንስኤ ገብረማስቀል ጸገወይኒ ተስፋይ፣ ወረ/ነፍ ግርማይ ተስፋይ 2. ዳኒኤል ግርማይ 3. ዮናስ ግርማይ 4. ሙሴ ግርማይ 5. ብስራት ግርማይ 6. ሄርሞን ግርማይ፣ ክሲ. ወረ/ፍ ሙተሙት ኣልመዶም ወረ/ፍ ኣብርሀት መንግስቱ ኣቶ ዳዊት ጎይትኦም ንምቕሊት ውርሲ ዝምልከት ክሲ. ኣብ ልዕሌኹም ማስሪቱ ስለዘሎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን2/2/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.32 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፣ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ፓራዲዞ

ወ/ሮ ማሚት ገብረህይወት ገብረሚካኤል፣ ብዓል ቤተይ ገብረሃንስ በርሀ ታቦት ስለዝዓረፈ፣ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፣ 8 ደቒና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን8/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገዛ-ባንዳ

ኣቶ በረኸት ተኽለገርግሽ ዑቕባጼዮን፣ ወለደይ ኣቶ ተኽለገርጊሽ ዑቕባጼዮንን ወ/ሮ ግደይ ቀሺ. ኣርኣያ ገብረታትዮስን፣ ንዓይ ብሕቶም ዝሃቡኒ ገዛ ኣብ ምም/ን/ዞባ 4+ ኣስመራ ጎደና 'ሐ' ሰብቲለ 1A131 ቁ.33 ዝርከብ ዝምልከት ወህብቶ ስለ ዝገበሩለይ፣ ይጽደቐለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን22/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ መድህን ኣብርሃ ገብሩ፣ ኣደይ ኣበባ ወልደጊዮርጊስ ስለዝዓረፈት፣ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይን ተተኪእና ደቂ ኣሕዋተይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን2/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ትዕበ ዓንደማስቀል ገ/እግዚኣብሄር፣ ተኸሳሲቲ ወ/ነፍ ኣማኑኤል ተወልደብርሃን ናይ ገዛ ክሲ. ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፣ ኣድራሻኹም ስለ ዘይተፈልጠ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን2/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፣ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣቶ ተስፋይ ወልደሚካኤል፣ ኣደይ ይሕደጋ ወልደኣብዝጊ ኣምናይ ስለዝዓረፈት፣ ኣነ ጥራይ ወራሲ. ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን2/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጸሃይሽ ይሕደጎ ነጋረኣብ፣ ብዓል ቤተይ ዘርኣይ ሃይለ ሃማርያም ስለዝተሰውኡ፣ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፣ 5 ደቒና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን2/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ዮዲት ጎይቶኦም ደሞዝ፣ ብዓል ቤተይ ኣማኑኤል ሰመረ ገብረሚካኤል ስለዝዓረፈ፣ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፣ 5 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን2/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሰምበል

ኣቶ ናህም ፍጹም ኣርኣያ፣ ዓቐይ ነ/ሄ ኣቦ ተስፋገርግሽ፣ ኣብ ከተማ ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ገጀረት ዝርከብ ብ/ቁ ASC00001830 ብቑ/ፍቓድ ንግዲ ASC00001413 ኣብ ሚ/ሪ ንግድን ኢንዱስትርን ብስመይ ዝተመዝገበ ባር ብሂወት ክነብ ዘለኹ ባዕለይ ከገልግለሉ፣ ድሕሪ ሞተይ ድማ ወዲ ወደይ ናህም ፍጹም፣ መንግስቲ ዝሓቶ ቅጥዕታት ኣማሊኡ ናብ ስሙ ከመሓላልፎን ምስ ምሉእ ንብረቱ ዋንነት ገይሩ ከገልግለሉን ኢላ ብለበዋ ስለ ዝገደፈትለይ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን5/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ከሳሲት ወ/ሮ ሸዊት ይሕደጎ ዘርእዝጊ፣ ካብ ወ/ሮ ጀሚላ ተወልደ ትኳቦ ብሕጋዊ ወኪላ ወ/ሮ ጸገ ሃብቱ ገብረመድህን ናይ ገዛ መኪና ሳን ቁሰሌዳ ER-1-10540 ዝበረ ER-1-C-6985 ሓደሽ ቁሰሌዳ ሸይጣትለይ ስም ስለ ዘየመሓላለፈትለይ፣ ብጋዜጣ ትጸውዓለይ ስለዝበለት፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን7/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፣ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ሕርይቲ ተኽለ ገብረስላሴ፣ ብዓል ቤተይ መንከ ሰለሙን ስለዝተሰውኡ፣ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፣ 4 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን25/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኻላ

ሚሮን ገዝኢ. መሓሪ ምግልጋሪ ተረፉ እሲያስ ገዝኢ. መሓሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን2/2/24 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ኣብ መንጎ ብፍ/ሰ/ማሰል ኣቶ ኪዳነማርያም ገብሩ +1 ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ኣሮን ዘርኣይ ገብረእግዚኣብሄር ብዘሎ ናይ ፈጸሚ ጉዳይ፣ ካብ ተቓወምቲ ወረ/ነፍ/ገብረእግዚኣብሄር ፍረሚካኤል ዝኾኑ ወ/ሮ ሓረጉ ገብረእግዚኣብሄር ከምኡ'ውን ካብ ወረ/ነፍ/ንገሰ ገብረእግዚኣብሄር (ተተካኢ. ወዱ ኬሽን ንገሰ ተጸዋዕቲ ን24/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፣ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ቤትልሄም ክብሮም ተኽለ ምግልጋሪ ተረፉ ራሄል ክብሮም ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን1/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

መሓመድ ዓሊ. መሓመድ ምግልጋሪ ተረፉ ሓምድ ዓሊ. መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን25/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጴጥሮስ የውሃንስ ብርሃ ምግልጋሪ ተረፉ ጴጥሮስ ዮናስ የውሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን2/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዞ/ሰ/ቀ/ባ - ኣፍዓበት

መሓመድ ዓሊ. ኣደም በኪት ምግልጋሪ ተረፉ መሓመድ ዓሊ. ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን5/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ከሳሲ. ኣደም ዓብዱራዛቕ መሓመድ፣ ተኸሳሲ. ጸሃየ ተኽሊት ነጋሲ፣ ክሲ. ቀሪቡልካ ስለዘሎ'ሞ ብጋዜጣ ይጸውዓልና ስለዝበለ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል 20/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ብሌን ኮማ ዓሰብ

ኣቶ ኣስመሮም ሃይሌ፣ ሓፍተይ ንግስቲ ሃይለ ገብረናፋኤል ስለዝዓረፈት፣ ኣነ ጥራይ ወራሲ. ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን16/02/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።



## ምስጋና

ብምኽንያት ዕረፍቲ እንፈትዎ ሓውና ኣለም ሰመረ ባህታ (ወዲ ዓላዊ) ብ28/11/23 ካብ ዝጸርፍ ኣትሒዝኩም ናብ መቓብር ዘሰነኹምናን ዘጸናናዕኩምናን ኣብ ውሽጥን ወጻእን እትነብሩ ኣሕዋትን ኣዕሩኽን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ንገልጽ።

በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ምንያ ገ/እግዚኣብሄር
ወደም ሳሚክ ኣለም
ምስ ምሉኣት ስድራቤት

---

ኣነ ኣቶ ሌሬንሶ ሚካኤል ረዳ ዝተበሃልኩ፣ ኣብ ኣስመራ ምም/ን/ዞባ 4+ ኣስመራ ገዛ ከፊሻ ጎደና 137-44 ቁ.ገዛ 02 ዚፕ ኮድ ገዛ ከፊሻ 1A137 ቁ.ፓርሰል ASP00015004 ዝርከብ ስፍሓት መሬት 52 ት/ሜ ዓይነት ተራ ገዛ 2 ቀንዲ ክፍልታት 1 ሽቓቕን ክሽንን ገዛይ ንኣቶ ተስፎም ዘሞ ተስፋይ ስለ ዝሸጥኩሉ'ሞ ናብ ስሙ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ኣብ ውሽጢ. 30 መዓልታት ካብ ዝምልከቶ ቤት-ፍርዲ መኣገዲ. ሓዙ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ።

ኣቶ ሌሬንሶ ሚካኤል ረዳ

---


ኣነ ትብለጽ ዓሊ. መሓመድ ዝተበሃልኩ፣ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 7 ምም 02 (ምም/ን/ዞባ ኣባሻውል) ጉደና 'የ' ቁጽሪ ገዛ 5 ዝርከብ፣ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 115254 መወከሲ. ቁጽሪ 114029 ብስም ወላዲተይ ነፍ/ሃንስ ኣየለ ወንድምሁኝ ተመዝጊቡ ዋንኑቱ እተረጋገጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፣ ካብ ወላዲተይ ብውርሲ. ስለ ዝረኸብክዎ'ሞ ስም ዋንነት ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ እዚ. ምልክታ እዚ. ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ. ሓደ ወርሒ፣ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ. ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን የቕርብ።

ትብለጽ ዓሊ. መሓመድ

---

ኣብ ምም/ከባቢ. ቁሸት ብስም ጳውሎስ ግርማይ ፍስሃጽዮን ብመወከሲ/ማሰለይ ንብረት 1፡008722 ዝተመዝገበ ግዝያዊ ናይ ገዛ ሊብሬቶ ስለ ዝጠፍኣኒ፣ ብዕዳ ሐዘዮ ወይ ረኺቡዎ ዝበል እንተሎ ብቑጽሪ ቴሌፎን 07127151 ክትሕብሩኒ፣ እንተዘይርከብ ግን ኣብ ውሽጢ. 30 መዓልታት መተካእታ ክሓትት ምዃነይ ኣፍልጥ።

ጳውሎስ ግርማይ
ወኪል ብርሃ ግርማይ



# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ዋንጫ ኣፍሪቃ 2023

ዝሓለፈ ዓመት ክኻየድ ተወጢኑ ዝነበረ ዋንጫ ኣፍሪቃ 2023 ሎሚ ቀዳም 13 ጥሪ ኣብ ኣይቮሪኮስት ብወግዒ መጋረጃኡ ክቕንጠጥ'ዩ፡፡ ግጥም ዋንጫ ኣፍሪቃ 2023 ብምኽንያት ኩነታት



ኣየር ኣኣንጋዲት ሃገር ኢቮሪኮስት እዩ ኣብ መጀመርያ ወርሒ ናይዚ ዓመት ክኻየድ ተወሲኑ፡፡ ኣብዚ ናይ ሎሚ መኽፈቲ ውድድር፡ ሃገራዊት ጋንታ ኣይቮሪኮስት ኣብ ገዛእ መሬታን ኣብ ቅድሚ ደገፍታን ኣንጻር ሃገራዊት ጋንታ ጊኒ ቢሳው ክትገጥም'ያ፡፡ ሓንቲ ካብ ተፈራሕቲ ሃገራውያን ጋንታታት ምኳና ዝእመነላ ኣይቮሪኮስት፡ ኣብቲ ኣብ ከተማ ኣቡጃ ዝርከብ ኣላሳኔ ኦውታራ ዝተባህለ ስታድዩም እያ ኣብ ቅድሚ 60 ሽሕ ዝበጽሑ ደገፍታ ክትጻወት፡፡ ሃገራዊት ጋንታ ኣይቮሪኮስት ኣብ 1992 ከምኡ'ውን ኣብ 2015 ነዚ ዝኸበረት ጸዋእ ኩዕሶ እግሪ ኣፍሪቃ ዓቲራታ ምንባራ ኣይርሳዕን፡፡ ሃገራዊት ጋንታ ግብጺ ኣብ ታሪኽ ዋንጫ ኣፍሪቃ እታ ዕውትቲ ጋንታ እናተባህለት'ያ ትግለጽ፡፡ እዛ ሃገራዊት ጋንታ ነዚ ክብርቲ ጸዋእ 7 ግዜ ከም ዝወሰደታ እዩም መዝገብቲ ማሕበር ኩዕሶ እግሪ ኣፍሪቃ ዘረድኡ፡፡ ሃገራዊት ጋንታ ግብጺ ካብቲ ሸውዓተ ግዜ ዝተዓወተትሉ፡ እቲ ሰለስተ እዋን ብዘይ ኣኣንጊዳ ዘውዲ ሻምፕዮን ዝደፈኣትሉ እዩ፡፡ ኣብ 1959፡ 1986 ከምኡ'ውን 2006 ምንባሩ'ዩ፡፡ እዛ ጋንታ እቲ እንኮ ንዋንጫ ኣፍሪቃ ንሰለስተ ተኸታታሊ ዓመታት ዝተዓወተትሉ ብምኳን'ውን ክብረወሰን ሒዛ ኣላ፡፡ ኣብ 2006፡ 2008 ከምኡ'ውን ኣብ 2010 ዝተኻየደ ግጥም ዋንጫ ኣፍሪቃ ብዓወት ሃገራዊት ጋንታ ግብጺ ከም ዝተዛዘመ ኣይርሳዕን፡፡ ሃገራዊት ጋንታ ግብጺ ኣብ 2010 ንመወዳእታ ግዜ ነዚ ዋንጫ ዘልዓለታ ኮይና፡ ሎሚ ዓመት ኩኣ ብኣጥቃዓይ ሊቨርፑል መሓመድ ሳላሕ እናተቐለሰት ጋንታ ግብጺ ብፍጹም ቅሉዕ መቐጸዕቲ 4ብ2 ብምርታዕ'ያ ዘውዲ ሻምፕዮን ደፊኣ፡፡ ሎሚ ዓመት ኩኣ ብሰዩዶ ማኔ እናተቐለሰት ክብራ ክትዕቅብ ሓያል ጻዕሪ ከተካይድ'ያ፡፡

24 ሃገራውያን ጋንታታት ናብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር ከም ዝሰገሩ ክግለጽ ከሎ፡ 16 ሃገራውያን ጋንታታት ኩኣ ኣብ ምድብን ድሕሪ ዘመዝገበኦ



ናብ ዓወት ክትምለስ ደገፍታ ልዑል ትጽቢት ኣንቢሮም ኣለው፡፡ ሃገራዊት ጋንታ ካሜሮን ብዙሕ ዝዋተረቶ ዋንጫ ድሕሪ ሃገራዊት ጋንታ ግብጺ ኣብ ካልኣይ ደረጃ እያ ተሰሪዓ ዘላ፡፡ እዛ ጋንታ ሓሙሽተ ግዜ ኣኽሊል ሻምፕዮን ዋንጫ ኣፍሪቃ ደፊኣ ኣላ፡፡ ሃገራዊት ጋንታ ጋና ኣርባዕተ፡ ሃገራዊት ጋንታ ናይጀሪያ ሰለስተ፡ ሃገራውያን ጋንታታት ኣይቮሪኮስት፡ ኣልጀሪያን ዲሞክራስያዊት ሪፓፕሊክ ኮንጎ ከኣ ክልተ እዋን ኣብዛ ዋንጫ ኣደን ኣንቢረን ከም ዘለዋ ሰነዳት ይሕብሩ፡፡ ሃገራዊት ጋንታ ሴኔጋል ኣብ 2021 ኣብ ካሜሮን ኣብ ዝተኣንገደ ዋንጫ ኣፍሪቃ ብምዕዋታ ከም ሻምፕዮን ኮይና'ያ ናብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር ክትኣቱ፡፡ እታ ጋንታ፡ ኣብቲ ኣብ ርእሰ ከተማ ያውንደ ዝተኻየደ ናይ ፍጻመ ጸወታ ንሃገራዊት ጋንታ ግብጺ ናብ ዝቐጸል ግጥም ኣውዲቕካ ምሕላፍ ከም ዝሰገራ ኮይኑ እዩ፡፡ ግጥም ኣውዲቕካ ምሕላፍ 27 ጥሪ ክጅምር ከሎ፡ ግጥማት ርብዒ ፍጻመን ፍርቂ ፍጻመን ደማ ብቐደም ተኸተል 2ን 7ን ለካቲት ክካየድ መደብ ወጺኡ ኣሎ፡፡ መበል 34 ግጥም ዋንጫ ኣፍሪቃ 11 ለካቲት እዩ ኣብቲ ዝተኸፍተሉ ከተማ ኣቡጃን ክዛዘም፡፡

ነዚ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር ዋንጫ ኣፍሪቃ ተኣንግድ ዘላ ኣይቮሪኮስት፡ ኣስታት 1 ቢልዮን ዶላር ወጻኢታት ብምግባር ድልውቲ ከም ዘላ'ዩ ዝግለጽ፡፡ እታ ሃገር ኣርባዕተ ሓደሽቲ ስታድዮማት ክትሃንጽ ከላ፡ ክልተ ዝነበሩ ስታድዮማት ከኣ ምሉእ ምትዕርራይ ኣካይዳትሉ ኣላ፡ መበል 34 ግጥማት ዋንጫ ኣፍሪቃ ኣብ ሓሙሽተ ከተማታት ማለት ኣቢጃን፡ ቡኣኬ፡ ኮርሆጎ፡ ሳን ፔድሮን ያሞሶክሮን እዩ ክኻየድ ተወጢኑ ዘሎ፡፡

### ዕዉታት ዋንጫ ኣፍሪቃ

| ሃገር | ብዝሒ ዝተዓወታሉ | ዝተዓወታሉ ዓ/ም |
|---|---|---|
| ግብጺ | ሸውዓተ | 1957, **1959**[1], **1986**, 1998, **2006**, 2008, 2010 |
| ካሜሮን | ሓሙሽተ | 1984, 1988, 2000, 2002, 2017 |
| ጋና | ኣርባዕተ | **1963**, 1965, **1978**, 1982 |
| ናይጀሪያ | ሰለስተ | **1980**, 1994, 2013 |
| ኣይቮሪኮስት | ክልተ | 1992, 2015 |
| ኣልጀሪያ | ክልተ | **1990**, 2019 |
| ዲ.ሪ. ኮንጎ (ዛየር) | ክልተ | 1968, 1974 |
| ዛምብያ | ሓደ | 2012 |
| ቱኒዝያ | ሓደ | **2004** |
| ሱዳን | ሓደ | **1970** |
| ሰኔጋል | ሓደ | 2021 |
| ኢትዮጵያ | ሓደ | **1962** |
| ሞሮኮ | ሓደ | 1976 |
| ደ.ኣፍሪቃ | ሓደ | **1996** |
| ኮንጎ ብራዛቪል | ሓደ | 1972 |

### ብብዝሒ ውህሉል ሸቶታት ዝመርሑ ዘለዉ ተጻወትቲ

| ደረጃ | ተጻዋታይ | ሃገር | ዘመዝገቦ ሸቶታት | ዝተጻወቶ ግጥማት | ዝተጻወቶ ዓ/ም |
|---|---|---|---|---|---|
| 1 | ሳሙኤል ኤቶ | ካሜሮን | **18** | 29 | 6 (2000, 2002, 2004, 2006, 2008, 2010) |
| 2 | ላውረንት ፖኩ | ኣይቮሪኮስት | **14** | 12 | 4 (1968, 1970, 1974, 1980) |
| 3 | ራሺዲ ያኪኒ | ናይጀሪያ | **13** | 20 | 4 (1988, 1990, 1992, 1994) |
| 4 | ሓሳን ኢል ሻዝሊ | ግብጺ | **12** | 8 | 3 (1963, 1970, 1974) |
| 5 | ፓትሪክ ምምባ | ካሜሮን | **11** | 17 | 4 (1998, 2000, 2002, 2004) |
| 5 | ሆሳም ሓሰን | ግብጺ | **11** | 21 | 7 (1986, 1988, 1992, 1998, 2000, 2002, 2006) |
| 5 | ዲደር ድሮግባ | ኣይቮሪኮስት | **11** | 24 | 5 (2006, 2008, 2010, 2012, 2013) |
| 8 | ንዳየ ሙላምባ | ዲ.ሪ. ኮንጎ | **10** | 10 | 2 (1974, 1976) |
| 8 | ፍራንሲሊዶ ሳንቶስ | ቱኒዝያ | **10** | 12 | 3 (2004, 2006, 2008) |
| 8 | ዩኤል ታሂ | ኣይቮሪኮስት | **10** | 15 | 4 (1992, 1994, 1996, 1998) |
| 8 | መንግስቱ ወርቁ | ኢትዮጲያ | **10** | 17 | 6 (1959, 1962, 1963, 1965, 1968, 1970) |
| 8 | ካሉሻ ቦዋሊያ | ዛምብያ | **10** | 23 | 6 (1986, 1992, 1994, 1996, 1998, 2000) |
| 8 | ኣንድሬ ኣየው | ጋና | **10** | 34 | 7 (2008, 2010, 2012, 2015, 2017, 2019, 2021) |

ምድብ '1'

1. ኣይቮሪኮስት
2. ናይጀሪያ
3. ኢኳተሪያል ጊኒ
4. ጊኒ ቢሳው

ምድብ '2'

1. ግብጺ
2. ጋና
3. ኬፕ ቨርደ
4. ሞዛምቢክ

ምድብ '3'

1. ሴኔጋል
2. ካሜሮን
3. ጊኒ
4. ጋምቢያ

ምድብ '4'

1. ኣልጀሪያ
2. ቡርኪናፋሶ
3. ማውሪታኒያ
4. ኣንጎላ

ምድብ '5'

1. ቱኒዝያ
2. ማሊ
3. ደ.ኣፍሪቃ
4. ናሚብያ

ምድብ '6'

1. ሞሮኮ
2. ዲ.ሪ.ኮንጎ
3. ዛምቢያ
4. ታንዛኒያ

### መደብ ጸወታ

ሎሚ

ዋንጫ ኣፍሪቃ

ኣይቮሪኮስት ምስ ጊኒ ቢሳው ሰዓት 11፡00 ምሸት

ዋንጫ ኤስያ

ኣውስትራሊያ ምስ ህንዲ ሰዓት 2፡30 ድ/ቀ

ቻይና ምስ ታጃኪስታን ሰዓት 5፡30 ምሸት

ኡዝበኪስታን ምስ ሶርያ ሰዓት 8፡30 ምሸት

ፕሪመር ሊግ

ቸልሲ ምስ ፉልሃም 3፡30 ድ/ቀ

ኒውካስል ምስ ማንቸስተር ሲቲ ሰዓት 8፡30 ምሸት

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ዶባት ሰሜን ኮርያ ድሕሪ 2020 ንፈለማ እዋን ክኽፈት እዩ

ሰሜን ኮርያ፡ ኣብ መጀመርያ 2020 ኮሮና ቫይረስ ድሕሪ ምኽሳት ዓጽያቶ ዝጸንሐት ዶባታ - ንፈለማ እዋን ሓደ ጉጅለ ሩሲያውያን በጻሕቲ ንምእንጋድ ክተኽፍቶ ከምዝወሰነት ተገሊጹ።

ሰሜን ኮርያ፡ ለበዳ ቫይረስ ኮሮና ንምቁጽጻር ሓንቲ ካብተን ኣብ ዶባተን ተሪር ሕጊታት ዘጽደቓ ሃገራት ምዃና፡ ዛጊት ድማ ምሉእ ብምሉእ ንወጻእተኛታት ክፍትሕቲ ከምዘይተኻት ይፍለጥ።

እቲ ምብጻሕ፡ ኣመሓዳሪ ናይ'ታ




ኣብ ምብራቕ ሩሲያ እትርከብን ምስ ሰሜን ኮርያ እትዳወበን ዞባ - ፕሪሞርስኪ ክራይ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ናብ ሰሜን ኮርያ ኣምሪሑ ምስ ሰበ-ስልጣን እታ ሃገር ዝርርብ ድሕሪ ምኽያዱ እዩ ዝትግበር ዘሎ።

በዚ ድማ፡ እቲ ናይ ፈለማ ጉጅለ ሩሲያውያን በጻሕቲ ዝመጽእ 9 ለካቲት ፈሊሙ ንኣርባዕተ መዓልታት ክቕጽል ምዃኑ ተሓቢሩ።

መራሕቲ ክልቲአን ሃገራት፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ መስከረም ኣብ ሩሲያ ተራኺቦም፡ ብዘዕባ ቀጠባዊ ወተሃደራውን ፖለቲካውን ምትሕብባር ምዝታየም ይዝከር።

ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት፡ ብሰንኪ ኑክለሳዊ ኣጽዋርን ባለስቲካዊ ሚሳይላትን - ኣብ ልዕሊ ሰሜን ኮርያ ቀጠባዊ እገዳታት እኳ እንተኣንበረ፡ ኣብ ልዕሊ ጸላት ቴሪዝም እታ ሃገር ዝጥቀስ ጽልዋ ከምዘሕደረ እየም ጸብጻባት ዘመልክቱ።

## መንግስቲ ፓፑዋ ኒው-ጊኒ፡ ናይ ህጹጽ እዋን ኣዋጅ ኣመሓላሊፉ

መንግስቲ ፓፑዋ ኒው-ጊኒ፡ ብሰንኪ'ቲ ኣብ ሃገሩ ተኸሲቱ ዘሎ ህዝባዊ ናዕቢ፡ ናይ ህጹጽ እዋን ኣዋጅ ከምዘመሓላለፈ ተሓቢሩ።

ንትግባረ'ቲ ን14 መዓልታት ዝጸንሕ ኣዋጅ፡ ኣሽሓት ወተሃደራትን ኣባላት ሰራዊትን ኣብ ቀንዲ ከተማታት ናይ'ታ ደሴታዊት ሃገር ከምእተዋፈሩ ተፈሊጡ ኣሎ።

ብሰንኪ'ቲ ኣቐዲሙ ኣብ ፓፑዋ ኒው-ጊኒ ካብ ዘጋጠመ ተመሳሳሊ ተርእዮ ዝሓየለ ምዃኑ ዝተገልጸ ናዕቢ፡ ዛጊት 16 ሰባት ከምእተቐትሉን ዓርተታት ካልኦት ከምዝቆሰሉን ጸብጻባት ሓቢሮም።

ብዘይካ'ዚ፡ ቡቲ ክስተት ኣብ ልዕሊ ንብረት ከቢድ ዕንወትን ዝምታን ከምዝሰዓበ፡ እቶም ጸብጻባት ብተወሳኺ ኣረዲኦም።

እቲ ናዕቢ፡ መንግስቲ ሸቓሎት ኣልዒት ንምግታእ ክሰርሕ ዝጽውዕ ሰላማዊ ሰልፊ ኣብ ዝተዳለወ ዝበረ እዋን እዩ ተኸሲቱ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ መንግስቲ ፓፑዋ ኒው-ጊኒ ኣብ'ቲ ህዝባዊ ናዕቢ ኢድ ከምዝበረም ዝጠርጠሮም ብርክት ዝበሉ ሰብ-መዚ ከምዝኣሰረ ገሊጹ ኣሎ።

ሚኒስተር ምክልኻል ኣውስትራልያ ሪቻርድ ማርለስ ዝሓለፈ ዓርቢ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ኩነታት እታ ደሴታዊት ሃገር ተመሓይሹ ከምዝበረን መንግስቲ ፓፑዋ ኒው ጊኒ ካብ ሃገሩ ሓገዝት ክረክብ ምጽንሑን እዩ ዝሕብር።

ዛጊት ኣብ ርእሰ ከተማ ፓፑዋ ኒው ጊኒ ብዘጋጠመ ናዕቢ - ትሸዓተ ሰባት ክሞቱ እንከለው፡ ኣብ ሰሜናዊ ክፋል እታ ሃገር ኣብ እትርከብ ካል ከተማ እውን ሽዉዓተ ሰባት ከምእተቐትሉ ሃገራዊ ምንጪ ኣውስትራልያ ኤቢሲ ንፓፑዋ ኒው-ጊኒ ብምጥቃስ ሓቢሩ።



## ሰራዊት ናይጀርያ ኣብ ልዕሊ ሽበራውያን ስርሒት ኣካዪዱ

ሰራዊት ናይጀርያ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሳልስቲ ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ሃገሩ ብዘካየዶ ስርሒት፡ ብውሕዱ 90 ሽበራውያን ከምዝቐተለ ኣፍሊጡ።

ቡቲ ስጉምቲ፡ ልዕሊ100 ካልኦት ከምዝማረኽን 20 ጀሆታት ናጻ ከምዝወጹኣን እውን እቲ ሰራዊት ብተወሳኺ ኣረዲኡ።

እቲ ስርሒት፡ ሰራዊት ናይጀርያ ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ ኣዋርሕ ኣብ ልዕሊ'ቶም ሽበራውያን ካብ ዘካየዶ ስጉምቲ - ዝዓበየ ሰባዊ ክሳራ




ዘውረደ ምዃኑ እዩ ዝግለጽ።

ኣብ ልዕሊ ሽበራውያን ዝተካየደ ስርሒት፡ ኣብ 2024 ብዝሰፍሐ መልክዑ ከምዝቕጽል፡ ኣዘዝቲ ሰራዊት ናይጀርያ ሓቢሮም ኣለዉ።

ዕጡቕ ጉጅለ ቦኮሓራም፡ ኣብ ሰሜናዊ ሸነኽ ናይጀርያ ን14 ዓመታት ብዘካየዶ መጥቃዕቲታት፡ ልዕሊ 40 ሽሕ ሰባት ከምእተቐትሉን ልዕሊ ክልተ ሚልዮን ከምእተመዛበሉን ጸብጻባት የረድኡ።

ብሰንኪ'ቲ ተርእዮ፡ ጸጥታዊ ኩነታት ናይጀርያ ብፍላይ ሰሜናዊ ክፋል እታ ሃገር ድማ ብፍላይ እናኣንቀልቀለ ከምዝመጽኡ ናይ ቀረባ ተዓዘብቲ ይገልጹ።



## “ሩስያ፡ እታ ዝበልጸገት ሃገር ኮይና ኣላ” ቪላድሚር ፑቲን

ሩሲያ፡ ንጀርመን በሊጻ ኣብ ኣህጉር ኤውሮጳ ቀዳመይቲ ዝበልጸገት ሃገር ኮይና ከምዝሃለ፡ ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን ኣፍሊጡ።

ብደረጃ ዓለም'ውን ብ5.3 ትሪልዮን ዶላር ኣብ 5ይ ተርታ ተሰሪዓ ከምዝሃለ፡ ፕረዚደንት ፑቲን ወሲኹ ኣረዲኡ።

ፕረዚደንት ፑቲን፡ ቊጠባ ሩሲያ ኣብ 2023 ካብ 3.5 ክሳብ 4 ሚእታዊት ዕብየት ብምምዝጋቡ፡ ኣብ ደረጃ መንባብሮ ህዝቢ ዘተኣማምን ገስጋስ ከምእተራእየ ብተወሳኺ ሓቢሩ።

ሃገራት ምዕራብ፡ ኲናት ዩክሬን ኣመሳሚሰን ንሩሲያ ብቑጠባዊ፡ ወተሃደራውን ጸጥታውን መዳያት ንምርማስ ከምዝሃቀና ይፍለጥ።

ይኹን'ምበር፡ ኣብ ልዕሊ ሩሲያ ዘካይዳኦ ዘለዋ ኩሉ-መዳያዊ ውዲታት፡ ተመሊሱ ንዓኣን ይሃስየን ምህላዉ ጸብጻባት የረድኡ።

ድሕሪ ምውላዕ ኲናት ዩክሬን፡ ኣብ ኤውሮጳን ኣመሪካን ተኸሲቱ ዘሎ ሕጽረት መሰረታውያን ጠለባት - ብቐንዱ ድማ ቀረብ ጸዓት፡ ሳዕቤን ናይ'ቲ ኣብ ልዕሊ ሩሲያ ዝተወሰደ ግጉይ ስጉምቲታት ምዃኑ ይጥቀሱ።

## ህልቂት ቃዛ፡ ኣብ 21 ክፍለ-ዘመን እቲ ዝኸፍአ ምዃኑ ተገሊጹ

ኣብ ወሸመጥ ቓዛ ዝፍጸም ዘሎ ህልቂት ሰለማውያን ሰባት፡ ኣብ 21 ክፍለዘመን ካብ ዝተራእዩ ተመሳሰልቲ ፍጻሜታት እቲ ዝኸፍአ ምዃኑ ተገሊጹ።

እዚ ዝተገልጸ፡ ግጭት እስራኤልን ወሸመጥ ቓዛን ልዕሊ ሰለስተ ወርሒ ኣቑጺሩ ኣብ ዘለወሉ እዋን እዩ።

ብመሰረት'ቲ ኣብ ብሪጣንያ ዝመደበሩ ማሕበር ግብረሰናይ 'ኦክስፋም' ዘወጸኦ ሓበሬታ፡ መዓልታዊ መጠን ሞት ፍሊስጤማውያን - ምስ'ቶም ኣብ 21 ክፍለዘመን ኣብ መላእ ዓለም ዝተኸስቱ ካልኦት ግጭታት ክነጻጸር እንከሎ ኣዝዩ ዝበኣሰ እዩ።

ብተወሳኺ፡ እቶም ዛጊት ቡቲ ግጭት ኣብ ህይወቶም ጉድኣት ዘይወረዶም ሰባት እውን እንተኾኑ - ንጥምየት፡ ሕማማትን ቀጻሊ ደብዳብን ተቓሊዖም ምህላዎም ተሓቢሩ።

ቡቲ ሓይልታት እስራኤል ኣብ ልዕሊ ወሸመጥ ቓዛ ዘካይድዎ ዘለዉ ደብዳብ፡ ብዝምጓም ኣብ መዓልቲ 250 ሰላማውያን ፍሊስጤማውያን ይቕተሉ ከምዘለዉ እዩ ጸብጻብ ኦክስፋም ዘረድእ።

ብዘይካ'ዚ፡ ብሰንኪ ክርደና ሰብኣዊ ሓገዛት ናብቲ ወሸመጥ ዩኣቱ ብዘይምህላዉ፡ ከቢድ ቅልውላው ተኸሲቱ ከምዘሎ እዩ ዝሕብር።

ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ልዕሊ ወሸመጥ ቓዛ ዝቕጽል ዘሎ ደብዳብ እስራኤል፡ ኣብ 1948 ንዝተበጽሐ ኣህጉራዊ ስምምዕ 'ምግታእ ህልቂት' ዝጥሕስ ምዃኑ ዘረጋግጹ መርትዖታት ናብ ኣህጉራዊ ቤት-ፍርዲ ከምዘቕረበት ይፍለጥ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቊ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ዓሰብ | 13/01/2024 | ጎደና ኣፍዓበት ቊ.105፡ ከባቢ 2ይ መደበር ፖሊስ (ካርሺሊ) | 123105 |

ፋርማሲ ቊ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቊ.ቴሌፎን 127565